# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.28 | ዓርቢ 2 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሃንደበት ምቍራጽ ህርመት…





ገጽ 3
ወተሃደራዊ ውዕል ኣመሪካ፡…





ገጽ 4





ወግዒ መጽሓፍ ‘ክልተ ኣራሑ’…

ገጽ 5
ስነ-ጥበብ መዚቃን ቤት-ትምህርቲ ስውራን





ገጽ 7
ምልክታ


## ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ምስ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢን መጐዓዝያን ግብጺ ተራኺቡ

ብሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ ሳልሕን ዝቘመ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ30 መስከረም ኣብ



ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ ካይሮ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢን ሚኒስተር መጐዓዝያ ሌተናል ጀነራል ካምል ኣልወዚርን ብተናጸል ተራኺቡ፡ ዘትዩ።

ኣብ’ቲ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ዝተገብረ ርክብ፡ ትግባረ ኣቐዲሙ ዝተገብረ ስምምዓት ብምግምጋም፡ ኣብ ዝቕጽል ስጉምትታት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ክልተኣውን ዞባውን ጉዳያት ተዘሪቡ።

ምስ ሚኒስተር መጐዓዝያ ሌተናል ጀነራል ካምል ኣልወዚር ዝተገብረ ርክብ ድማ፡ ኣብ ጽላታት ወፍሪን ንግድን - ብቐንዱ ድማ ኣብ ዓይነታት መግቢ፡ ጥረ-ነገራትን መሳርሒታትን ህንጻ፡ መድሃኒት፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ ዓሳን መጐዓዝያ ባሕርን ዘተኮረ ነይሩ።

ኣብ’ቲ ርክባት፡ ብወገን ኤርትራ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ባንክ ኣባይትን ንግድን ኣቶ ብርሃን ገብረሂወትን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ግብጺ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋስዕን ተረኺቦም ነይሮም።

## ጋዜጣዊ መግለጺ

### ናይ ኢትዮጵያ ዘሕዝን ተጻባኢ ተግባር

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘውጸኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ምዕጻውን ዓሰርተ ኤርትራውያን ዲፕሎማሰኛታት - እንተላይ ፈጻሚ ጉዳያትን ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ዝተመደቡ ካልኦት ኤርትራውያን ዲፕሎማሰኛታትን ናይ ምስጓግን ስጉምቲ ከምዝወሰደ ኣፍሊጡ’ሎ።

ነዚ ዘይምኽኑይ ተጻባኢ ተግባር ቅኑዕ ንምምሳል፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብ“ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ተግባራት ተጻብኦን ምትኻታኻን” ንምኽሳስ ዘይፈንቀሎ እምኒ የለን። እዚ መስደመም ስልበጣ’ዩ።

ግደ ሓቂ፡ ኢትዮጵያ እያ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ “ልኡላዊ መስኮት ባሕሪ ንምርግጋጽ” ንዝሰመየቶ ተጻባኢ ኣጀንዳ ንምትግባር፡ ልኡላዊ ወደባትን ገማግም ባሕርን ኤርትራ ንምውራር፡ ቅሉዕን ቀጻልን እዉጅ ኲናት ክትክተልን ክተግባዕበዕን ጸኒሓ።

ከንዮ’ዚ ተንኳዪ ውጥን ብምኻድ’ውን፡ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ውሽጣዊ ግጭታት ብምስዋር “ናይ ስርዓት ለውጢ” ንምምጻእ፡ ን“ዕጡቓት ኤርትራውያን ተቓወምቲ ጉጅለታት” ኢላ እትጽውዖም ክተኣንግድን ክተዕጥቖን ከምዝጸንሐት፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር’ዩ።

ኣብ ከም’ዚ ዝበለ ፈታኒ ኩነታት፡ ኤርትራ ክስዕብ ንዝኽእል ሓደገኛ ዕርገት ንምግታእ ብዙሉል ተሰፋ፡ ኑብሰ-ግትኣት መሪጻ ጸኒሓ።

ኣብ’ዚ ናይ ሕጂ ኩነታት፡ ኤርትራ - ተመሳሳሊ ስጉምቲ ብምውሳድ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናኣ ምስ ኢትዮጵያ ካብ ምብታኽ፡ ካልእ ኣማራጺ የብላን።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ኣስመራ

1 ጥቅምቲ 2026

## ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድ፡ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ዝሕግዞም ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድ፡ ውዳበታቶም ብምስፋሕን ብምድልዳልን ኣበርክቶኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ንምዕዛዝ ዝሕግዞም ህዝባዊ ሰሚናራትን ጉባኤታትን ዘጠቓልል ንጥፈታት፡ ኣብ ከተማታት ጀኔቭ፡ ባዝልን ሎዛንን ኣካዪዶም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ወኪል ኤርትራ ኣብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ዞባናን ዓለምን ኣመልኪቱ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝሃቦ ሰፊሕ ሰሚናር፡ ኤርትራ ኣብ’ዚ ተሃዋሲ እዋን፡ ርግኣታን ሰላማን ዓቂባ ኣብ ጉደና ልምዓት ትገብሮ ዘላ ገስጋስ፡ ውጽኢት ሓድነት ህዝባን መሪሕነታን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ብኽቡድ መስዋእትን ረዚን ዋጋን ዝተኸሰከሰ ክብርታት ክዕቀብን ናብ መጻእቲ ወለዶታት ክሰጋገርን ስለዝግባእ፡ ተራን ኣበርክቶን ማሕበረኮማት ንምዕዛዝ ክሰራሕ ጸዊዑ።

ኣብ ህላወ ሕብረተሰብን ሃገርን፡ ሓድነት ወሳኒ ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ሃብቶም፡ ልምዓታዊ ጉዕዞ ኤርትራ ንምዕናፍ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ዝተበገሰ ዘይምኽኑይ እገዳ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምልዓሉ፡ ፍረ ናይ’ቲ ጽንዓትን ሓድነትን ዘርከቦ ሃገራዊ ክብሪታት ከምዝኾነ ገሊጹ።





ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ እስማዒል መሓመድ-ኑር ብወገኑ፡ ንመደብ ስራሕ ራብዓይ ግንባር ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ውዳበ ኣብ ቀጻልነት ሃገርን ሕብረተሰብን ዘለዎ ረቂቕ ሓይሊ ብምግንዛብ፡ ማሕበራውያን ሓይልታት ብዝለዓለ ክሰርሑሉ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ምኽሳስ ብቑዓትን ውፉያትን ሃገራውያን መንእሰያት ብዝለዓለ ክነጥፉ ኣተሓሳሰቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ማሕበረኮም ባዝል ከምኡ’ውን ንኡስ ጨንፈር ሃማደኤ ሎዛን ኣብ ዘቃነዕዎ ጉባኤታት፡ ንዝሓለፈ ንጥፈታት ብምግምጋም ብድሆታት ንምውጋድን ብልጫታት ንምዕቃብን ብምርድዳእ፡ ንዝቕጽል ክልተ ዓመታት ዝገልግላ ኣካየድቲ ኣካላት ከምዝመረጹ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረጋጊጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሃንደበት ምቍራጽ ህርመት ልቢን ንገብሮ ህጹጽ ሓገዝን

ልብና ደም ክትጭንገዕ ቀጻሊ እያ ትሰርሕ፡ ከሉ ኣካላትና፡ እንተላይ እቲ ኣገዳሲ መትኒ ሰብነትና ዝኾነ ሓንጎል፡ ዝድልዮ ኦክሲጅን ይረኽቡ። ኣካላት ሰብነትና ብደም ኣቢሉ ዝድልዮ ኦክሲጅንን መኣዛን ምስ ዘይረኽብ ግና ንሞት ዝተቓላዕና ንኸውን። ሓደ ካብቲ ናብዚ ጸገም'ዚ ዘቃልዓና፡ ልቢ ትገብሮ ህርመት ምስ እተቋርጽ እዩ።

ልቢ ሃንደበት ህርመት ክተቋርጽ እንከላ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ካርዲያክ ኣረስት' (cardiac arrest) ይበሃል። ሞት ዘስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብቐጽበት ቅሉዕ ዝኾነ ኣገባብ ፍወሳ ምስ እትረኽብ ግና ብህይወት ናይ ምጽናሕ ዕድልካ ክዛይድ ይኽእል።

**ኣገደስቲ ነጥብታት**

- መብዛሕትኡ ግዜ ኣቐዲሙ ዝኾነ ምልክት ከየርኣየ የጋጥም።
- ግዳይ ሃንደበት ብምውዳቕ፡ ሃለዋቱ የጥፍእ፡ ስርዓተ እስትንፋሱ'ውን የቋርጽ።
- ኣብቲ ግዳይ፡ ዑደት ደም ሻቡ ደው ይብል። ቅልጡፍ ሓገዝ ምስ ዘይረኽብ ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ ህይወቱ ክስእን ይኽእል።

ሃንደበት ምቍራጽ ህርመት ልቢ፡ ሽለል ኢልካ ክርአ ዘይግብኦ ኣብ ልቢ ካብ ዝርአዩ ጥዕናዊ ጸገማት ሓደ እዩ።

ህርመት ልብና ብኤለክትሪካዊ ድፍኢት/ ተምታ እዩ ዝቶየድ። እዚ ኤለክትሪካዊ ድፍኢት እዚ ኣሰራርዕኡ/ ኣቃውምኡ ምስ ዝቕየር፡ እቲ ህርመት ልቢ ስሩዕ ኣይከውንን። ዘይስሩዕ ህርመት ልቢ ምስ ዝህሉ 'ኣሪትምያ' (arrhythmia) ከጋጥም ንብር ይኸውን። 'ኣሪትምያ' ንትርግታ ልቢ ብእዋን ኮነ ብሓይሉ ህርመቱ ዝልውጥ ኩነት እዩ።

ገለ ዓይነት 'ኣሪትምያ' ዝሑላት ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ካልኦት ዓይነት ድማ ቅልጡፋት እዮም።



ምስ ልቢ ምትእስሳር ዘለዎም ሕሞማት (Cardiovascular diseases - CVDs) ቀዳሞት ቀተልቲ ሕማማት ተባሂሎም ኣብ ቅድሚት ይስርዑ። ዓመታዊ ኣስታት 17 ሚልዮን ሰባት በዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ህይወቶም ይስእኑ። ካብዚ ኣሃዝ እዚ፡ እቶም ልዕሊ 6 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ሃንደበታዊ ዝርአ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ከም ዝሞቱ ጸብጻባት ጥዕናዊ ጽሑፋት የመልክቱ። ሃንበት ካብ ዘጋጥም ምቍራጽ ህርመት ልቢ፡ ብህይወት ክድሕኑ ናይ ዝረኣዩ ግዳያት ቁጽሪ ትሕቲ ሓደ ሚእታዊት ምኻኑ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ የረድእ።

**ጠንቂ ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ እንታይ እዩ፧**

ናብ ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ዘብጽሑ ረቛሒታት ሓያሎ እዮም። እቶም ኣዘዮም ልሙዳት ግና፡ ኣብ ጨንገዒ ደም 'ቨንትሪክል' (ventricular) ከምኡ'ውን ኣብ ኣናቶምያዊ ገርጓሕ መተሓላለፊ 'ኣትሪያል' (atrial) ዝርአ ቅልጡፍ፡ ዘይስሩዕን ዘይወሁድን ምጭብባጥ ጭዋዳታት ልቢ እዮም።

**ምጭብባጥ ጭዋዳ 'ቨንትሪክል' - Ventricular Fibrillation**

ልቢ ኣርባዕተ ክፍልታት እዩ ዘለዋ። እቶም ክልተ ታሕተዎት ክፍልታት 'ቨንትሪክል' ይበሃሉ። ምጭብባጥ ጭዋዳ 'ቨንትሪክል' ምስ ዝህሉ፡ እዞም ክልተ ክፍልታት ካብ ቁጽጽር ወጺኦ ከንቀጥቅጡ ወይ ከንፈርፍሩ ይረኣዩ። እዚ ንኤለትሪካዊ ድፍኢት ኣቃውማ ልቢ ከም ዝቕየር ብምግባር፡ ኣብ ህርመት ልቢ ቅልጡፍ ዝኾነ ዘይስሩዕ ምቅይያራት ከም ዝርአ ይገብር። በዚ፡ እቲ 'ቨንትሪክል' ብዘይብቑዕ ኣገባብ ደም ክጭንገዕ ይጅምር። እቲ ዝጭንገዑ ደም'ውን ዓቕሙ ኣዝዩ እናንደለ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ገለ ኩነታት'ውን ዑደት ደም ምሉእ ብምሉእ ከም ዝቋረጽ ዝገብር እዩ። ከም ሳዕቤኑ ሃንደበታዊ ሞት ከጋጥም ይኽእል።

ብጠቕላላ ካብ ዝርአ ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ፡ እቲ ዝበዝሐ ብሰንኪ ምጭብባጥ ጭዋዳ 'ቨንትሪክል' ዘጋጥም እዩ።

**ምጭብባጥ ጭዋዳ ኣናቶምያዊ ገርጓሕ 'ኣትሪያል' - Atrial Fibrillation**

ኣብ ላዕለዋይ ክልተ ክፋላት ልቢ፡ ዘይስሩዕ ህርመት ማለት 'ኣሪትምያ' (arrhythmia) ከጋጥም እንከሎ፡ ልቢ ሃንደበት ህርመት ከተቋጽርጽ ትኽእል ኢያ። እዞም ክፍልታት እዚኦም 'ኣትሪያል' ይበሃሉ።

ምጭብባጥ ጭዋዳ ኣናቶምያዊ ገርጓሕ 'ኣትሪያል' ክኸሰት ዝኽእል፡ መትንታት ኣትሪያል (sinoatrial - SA) ቅኑዕ ዝኾነ ኤለክትሪካዊ ድፍኢት ምስ ዘየሰናውኑ እዩ። እዞም መትንታት እዚኦም ኣብ የማናይ ሸነኽ ናይ 'ኣትሪያል' እዮም ዝርከቡ። ብቕልጡፍ ልቢ ደም ከተመንጩ ይቆጻጸሩ። እዞም ክፍልታት'ዚኦም ብግቡእ ኤለትሪካዊ ሓይሊ ክፈጥሩ ምስ ዘይክእሉ ግና፡ 'ቨንትሪክል' ሰብነትና ዝድልዮ እኹል ደም ከመንጩ ስለ ዘይክእል፡ ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ከጋጥም ይኽእል። ምቍራጽ ህርመት ልቢ ብሰንኪ ምጭብባጥ ጭዋዳ ኣናቶምያዊ ገርጓሕ 'ኣትሪያል' ተባሂሉ ድማ ይግለጽ።

**ንሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ዝተቓልዑ መን እዮም፧**

ገለ ካብ ኩነታት ልብን ሓፈሻዊ ጥዕናዊ ኩነታትን ንሃደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ከቃልዑ ዝኽእሉ ረቛሒታት እዮም።

**ንልቢ ዝምልከት ጥዕናዊ ጸገማት - Coronary Heart Disease**

እዚ ዓይነት ሕማም'ዚ ኣብ ኣርተሪ ናይ ልቢ (coronary artery) እዩ ዝጅምር። እዚ ኣርተሪ'ዚ ልቢ ክትጭብብጥን ክትዝርጋሕን ዝሑብር ሻምብቆ ደም እዩ። ምስ ዝፀቡ ልቢ ደም ክትቕበል ኣይትኽእልን። ስርሓ ደው ክተብል ትግደድ ማለት እዩ።

**ምግዛፍ ዓቐን ልቢ - Large Heart**

ካብ ንቡር ወጻኢ ዝዓቐና ልቢ ምህላው፡ ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ከጋጥመካ ንዘሎ ተኽእሎ የዛይዶ እዩ። ካብ ንቡር ወጻኢ ዓቐን ዘለዋ ልቢ ብግቡእ ኣይትወቅዕን ኢያ። እቶም ጭዋዳታታ ንዝተፈላለዩ መጉዳእቲ ዝያዳ ዝተቓልዑ'ውን እዮም።

**ዘይስሩዕ መፈንቶ ልቢ - Irregular Heart Valves**

ኣብ መፈንቶ (valve) ናይ ልቢ ጸገማት ምስ ዝህሉ ምጽባብ ወይ ምልሓኹ ዝኣመሰሉ ጸገማት ከጋጥም ንቡር እዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ልቢ በጺሑ ዑደቲ ዝቕጽል ደም ኣብቶም ክፍልታት ናይ ልቢ ብልዑል ዓቐን ክተርፍ እዩ ወይ'ውን በቲ ዝጉበኦም ዓቐን ከይዓቐረ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ እቶም ክፍልታት ልቢ ክዳኸሙ ወይ ልዕሊ ዓቐኖም ክገዝፉ ይኽእሉ።

**ምስ ምውላድ ዝመጽእ ሕማም ልቢ - Congenital Heart Disease**

ገለ ሰባት ጸገም ልቢ ሒሊዮም ይውለዱ እዮም። እዚ መፈጠራዊ ሕማም ልቢ ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። ዝተፈላለየ ጸገም ልቢ ሒሊዮም ዝውለዱ ህጻናት ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ኪጋጥሞም ንቡር እዩ።

ጸገም ኣብ ኤለክትሪካዊ ድፍኢት - Electrical Impulse Problems

ህርመት ልቢ ስሩዕ ክኸውን ዝጉብር ኣብታ ኣካል ዝፍጠር ኤለትሪካዊ ድፍኢት/ተምታ እዩ። ኣብዚ ኤለክትሪካዊ ድፍኢት'ዚ ዝርአ ዝኾነ ጸገም፡ ንተኽእሎታት ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ከም ዝዛይድ ይገብሮ።

ንሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ተኣፋፊ ዝገብርዎ ካልኦት ረቛሒታት፦

- ምትካኽ ሽጋራ፣
- ብዙሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል፡
- ልዑል ጸቕጢ ደም፡
- ምኽሳዕን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን፡
- ጸገም ጥዕና ልቢ ካብ ዘለዎም ስድራ ምውላድ፡
- ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ልዕሊ 45 ዓመት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ልዕሊ 55 ዓመት ምዃን፡
- ወዲ ተባዕታይ ምዃን፡
- ኣብ ኣካላትካ ትሑት ዝዓቐኑ ፖታሽዩም ወይ ማግኒዚዩም ማዕድን ምህላው።

ክስተብህለሎም ዝግብኦ ምልክታት ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ

ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ፡ ብቐጽበት ክመጽእ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም'ኳ ይኹን'ምበር፡ ኣቐዲሙ ገለ ምልክታት ይፈጥር እዩ። እዞም ምልክታት'ዚኦም ብኣግኡ ኣለሊኻ ቅልጡፍ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ምስ እትገብር፡ ህይወትካ ክተድሕን ትኽእል ኢኻ።

**ሃደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ቅድሚ ምኽሰቱ ክረኣዩ ዝኽእሉ ምልክታት፦**

- ጸርወርው ወይ ድንዛርዛር ምባል፡
- ምሕጻር እስትንፋስ፡
- ብዘይምኽንያት ምድካምን ምስልካይን፡
- ተምላሲ፡
- ምውሳኽ ትርግታ ልቢ።

ስለዚ፦

- ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
- ምጉዳል ወይ ምጥፋእ ትርግታ፡
- ምዕጋት እስትንፋስ፡
- ሃለዋት ምጥፋእን ዘልሓጥ ምባልን ዝኣመሰሉ ምልክታት ኣብኻ ወይ ኣብ ብጻይካ ምስ ዘጋጥም ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ።

ሃንደበታዊ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ምስ ዘጋጥም ንገብሮ ህጹጽ ሓገዝ

ዝኾነ ግዳይ ምቍራጽ ህርመት ልቢ ምስ ዘጋጥሞ፡ ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክንወስዶ እዩ ዝግባእ። ክሳብ ናብ ሕክምና ዝበጽሕ ግና፡ ክሳዱ ብምቕናዕ፡ መተሓላለፊ ኣየር ብጽቡቕ ከም ዝኸፈት ምግባር፡ እስትንፋሱ ምቁጽጻር። ኣብ ውሽጢ 10 ካልኢታት ዘሎ ግዜ ዝኾነ ናይ እስትንፋስ ምልክት ምስ ዘይትርኢ እቲ ኩነታት ከቢድ ምዃኑ ተረዲእካ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክተብጽሖ ይግባእ።

ክሳብ ሽዑ፡ ኣእዳውካ ኣብ ኣፍ ልቡ ኣመሳቒልካ ብምቕማጥ ኣየር ንኽረኽብ ደጋጊምካ ጽቕጥ ፍንው ምባል። እዚ ኣገባብ ንኣስታት ሰላሳ ሳዕ ደጋጊምካ ድሕሪ ምክያድ፡ ብኣፉ እስትንፋስ ክትህቦ ምፍታን።

**እዚ ኣገባብ ክሳብ ናብ ሕክምና ዝበጽሕ ደጋጊምካ ክተካይዶ ተመራጺ እዩ።**

ምንጪ፦ health line

## ተፈጥሮኣዊ ጽባቐና ካብ ዘበላሽዉ መመላኽዒታት ምጥቃም ንቀጠብ!

### 4ይ መልእኽቲ

**4. ንቕሓ ምርጫ**

. ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝተገልጸ መመላኽዒታት (cosmetics) ንከም ብዓል ሻምፖ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሳሙና፡ መለስለሲ ቆርበት (lotion); ጨና፡ ዲዮደራንት ወዘተ የጠቓልል። እዞም መመላኽዒታት ቅድሚ ምጥቃምና ናይ ብሓቂ የድልየና ድዩ ኢልና ንሕበሰና ንሕተት። ክንጥቀም ምስ እንውስን፡ እንተውሓደ ብዘዕባ እንጥቀመሉ ዘለና መመላኽዒ ስም፡ ናይ ኣገልግሎት ግዜኡ ዝወድቐሉ ዕለት፡ እተሰርሓሉ ጥረ ነገራት፡ ኣገባብ ኣጠቓቕማ፡ ኣገባብ ኣተዓቓቕባን ዝተሰርሓሉ ትካልን መሰረታዊ ኣፍልጦ ይሃልወና።

**መልእኽቲ ካብ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ**

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰለሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ወተሃደራዊ ውዕል ኣመሪካ፡ ዴንማርክን ግሪንላንድን




ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዴንማርክን ርእሰ ምምሕዳራዊት ደሴት ግሪንላንድን ሓድሽ ውዕል ምክልኻል ምፍራመን ዝዘከር እዩ። እቲ ጎደኒ ጎደኒ'ቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ጉባኤ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዑ ኣብ ቀረባ እዋን ተግባራዊ ክኸውን ከም ዝጀምር'ውን ተፈሊጡ ኣሎ። ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ'ዘን ሰለስተ ኣካላት ተኸቲሙ ዘሎ ስምምዕ ኣመሪካ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ክልተ ሓደስቲ ወተሃደራዊ መደበራት ክትሃንጽ እያ። እዚ ንግዝኣትን ልኡላውነትን ዴንማርክ ኣብ ግምት ዘእተወ ምዃኑ ዝንገረሉ ዘሎ ወተሃደራዊ ስምምዕ ብሰለስተኦም ወገናት ዓቢ ተቐባልነት ረኺቡ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ። በዚ ከኣ እቲ ንኣስታት ሓደ ዓመት ሻሕኪሩ ዝጸንሐ ዝምድና ኣመሪካ ምስ መንግስቲ ዴንማርክን ደሴት ግሪንላንድን ናብ ንቡር ክምለስ ትጽቢት ተገይሩሉ ኣሎ።

ከም ዝዝከር፡ ዶናልድ ትራምፕ ደጊሙ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ካብ ዝምረጽ ንደሓር፡ ደሴት ግሪንላንድ ንጸጥታዊ ድሕነት ኣመሪካ ስትራተጂያዊ ረብሓ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ንምውናና ሓያል ጻዕርታት እዩ ኸይዱ ተራእዩ። እንተኾነ፡ በቲ ነታ ደሴት ንምውናን ዝርኣዮ ድሌት ዘካየዶ ጻዕርታትን፡ ካብ ሓያሎ መራሕቲ ሃገራት ኤውሮጳ ተቓውሞታት ክገጥሞ ተሰሚዑ እዩ ።
ኣብቲ እዋን፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዴንማርክ ሜት ፍረደርከሰን፡ ከምኡ'ውን ግሪንላንዳዊ መዘናኣ ጀንስ ፍረደሪክ ኔልሶን ኣብ ዘሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ግሪንላንድ ንህዝባ ጥራሕ ከም እትምልከት ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣመሪካ ንምውናና እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ደው ከተብሎ እዩም ጸውዒት ኣቕሪቦም ነይሮም። ቀዳማይ ሚኒስተር ኔልሶን ወሲኹ፡ "ኣመሪካ ዋላ ክንዲ ዝኾነ እንተ ጸዓረት፡ ኣብ ዋንነት ናይታ ደሴት እተምጽኦ ለውጢ ኣይክህሉን እዩ።" ድሕሪ ምባል፡ "መጻኢና ባዕልና እና ንመርጽ፡" ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ። ፕረዚደንት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮንደር ሌን ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ደሴት ግሪንላንድ ምስ ዴንማርክ ሓባራዊ ርድኢት ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ንድሌታት ኣመሪካ ተቓዊማቶ ነይራ። ልኡላውነት ናይ ሓንቲ ሃገር፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ክኽበር ናይ ግድን ምዃኑ ድማ ወሲኻ ኣገንዚባ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ እዞም ሰለስተ ወገናት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ካብቲ ኣብ 1951 ኣብ መንጎ መንግስታት ዴንማርክን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ተኸቲሙ ዝነበረ ውዕል ምክልኻል ገለ ምምሕያሻት ተገይሩሉ ዝቐረበ ምዃኑ'ዩ ዝንገር። ብመሰረት'ቲ ሕጂ ኣብ መንጎአን ተኸቲሙ ዘሎ ውዕል፡ ኣመሪካ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ተወሳኺ ወተሃደራዊ መዓስከራት ክትሃንጽ ክትክእል እያ። እዚ ኣብ ደቡባዊን ምብራቓውን ክፋል ናይታ ደሴት ክድኮን እዩ ዝበሃል ዘሎ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ፡ ዛጊት ንደረጃ ምዕባለኡ፡ ንዝዋደደሉ መሳለጥያታት ይኹን ቁጽሪ ኣብኡ ዝሰፍሩ ወተሃደራት ኣመልኪቱ ብወግዒ ዝተዋህበ ሓበሬታ'ኳ እንተ ዘየለ፡ ብመሰረት እቲ ስምምዕ ግን፡ ብወገን መንግስቲ ግሪንላንድን ዴንማርክን ተቐባልነት ክህልዎ ኣለዎ። ንቑጽሪ ኣብታ ደሴት ዝዕስክር ሰራዊት ኣመሪካ ብዝምልከት ግን፡ ኣመሪካ ዝደለየቶ ብዝሒ ሰራዊት ከተዋፍር ከም እትኽእል ግምታት ኣሎ። ኣመሪካ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ግሪንላንድ፡ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ወተሃደራዊ መዓስከር ከም ዘለዋ ዝፍለጥ እዩ። በዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ሓድሽ ወተሃደራዊ ውዕል ድማ፡ ነዚ ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸረ ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ገይራ ዳግማይ ክትሃንጾን ክተስፍሖን ትኽእል እያ። ብተወሳኺ፡ በቲ ስምምዕ መሰረት፡ ወተሃደራውያን ነፈርቲ ኣመሪካ ኣብ ዝኾነ ክፋል ግዝኣት ግሪንላንድ፡ እንተላይ ኣብ ማያዊ ግዝኣታ ክበራ ክኽእላ እየን። ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ኩናት መራኽባን ሳብማሪናታን እውን ናብ ማያት ናይታ ግዝኣት ክኣትዋን ኣብኡ ክንቀሳቐሳን ክፍቀደለን እዩ። ኣመሪካ ብተወሳኺ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ግሪንላንድ ኣብ ዝርከብ መደበር ጠፈር 'ፒቱፊክ ስፔስ ቤዝ' ንጥፈታታ ክተማዕብልን ክተስፍሕን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናርሳርሱዋክን ሜስተርስቪግን ዝተባህለ ቦታታት ተወሳኺ መዓስከራት ክትምስርት ክፍቀደላ እዩ። ብኣንጻሩ ድማ፡ ዝኾነት ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዘይኮነት ሃገር፡ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ወተሃደራዊ መዓስከር ክትድኩን ኣይክፍቀደላን እዩ። ኣብታ ደሴት ዝኾነ ወተሃደራዊ ህላወ ክህልዋ'ውን ኣይክእልን እዩ - ብመሰረት እቲ ሓድሽ ስምምዕ።

ኣመሪካ፡ ንደሴት ግሪንላንድ ንምውናን ዘለዋ ጥሙሕ፡ ናይ ሕጂ ከም ዘይኮነ እዮም ተንተንቲ ፖለቲካ ዝመልክቱ። ኣብ 1946፡ ኣመሪካ ነታ ደሴት ንምዕዳግ፡ ንመንግስቲ ዴንማርክ 100 ሚልዮን ዶላር ክትከፍሎ ጠለብ ኣቕሪባ ነይራ። እንተኾነ፡ መንግስቲ ዴንማርክ ነቲ ጠለብ ብምንጻግ፡ ድሌት ኣመሪካ ክሰምር ኣይከኣለን። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ድማ፡ ኣብቲ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ፡ ንደሴት ግሪንላንድ ኣካል ግዝኣት ኣመሪካ ንምግባራ ተመሳሳሊ ፈተነታት ኣካይዱ። የግዳስ፡ መንግስታት ዴንማርክን ርእሰ ምምሕዳራዊት ደሴት ግሪንላንድን፡ እታ ደሴት ንመሸጣ ከም ዘይትቐርብ ብምግላጽ፡ ንድሌታትን ፈተነታትን ትራምፕ ክነጽግዎ እዮም ተሰሚዮም። በዚ እዩ እምበር እቲ ኣብ ቀዳማይ እብረ ናይ ስልጣኑ ዘይሰለጦ ንደሴት ግሪንላንድ ናይ ምውናን ባህጉ፡ ንኻልኣይ ግዜ ናብ ስልጣን ምስ ተመልሰ እንደገና ፈተነታት ክካይድ ዝተራእየ። ብመሰረት'ቲ ኣብ መጀመርያ ናይዛ ዓመት እዚኣ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ግሪንላንድ፡ ደሴቶም ምስ ኣመሪካ ክትቁረን ኣይደልዩን እዮም።

ብተወሳኺ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋናት፡ ደሴት ግሪንላንድ ኣካል ኣመሪካ እንተ ኾይና፡ ብኣመሪካ ዝሓሸ ኣገልግሎታት ክቐረበላ ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ ነይሩ። ምክትል ጸሓፊት ፕረስ ቤት መንግስቲ ኣመሪካ ዝኾነት ኣና ኬሊ እውን፡ ንመርገጺታት ትራምፕ ዝድግፍ መደረታት ብተደጋጋሚ ክትህብ ተሰሚዓ እያ። ንሳ፡ ኣብ ሓደ መደረ፡ "ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ነበርቲ ደሴት ግሪንላንድ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ክገጥሞም ካብ ዝኽእል ኩሉ መዳያዊ ስግኣታት ንምድሓን ብኣመሪካ እንተ ዝሕለዉ እቲ ዝበለጸ ምዃኑ እዩ ዝኣምን።" ክትብል ገሊጻ ነይራ።

ደሴት ግሪንላንድ፡ እኹል ዝኾነ ዕቑር ምድራዊ ማዕድናት ከም ዘለዋ እዩ ዝንገር። በዚ ከኣ፡ ኣመሪካ ነታ ደሴት ምስ እትውንና፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ምርኮሳ እታው ብርቂ ማዕድናት ቻይና ክትናገፍ ትኽእል እያ - ብመሰረት ጸብጻባት። እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ እታ ደሴት ንተጠቃምነት ዕቑር ማዕድናት ዘይኮነስ፡ ንሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ጥራሕ ከም እተድልዮ እዩ ዘረድኡ። ብርክት ዝበላ ወተሃደራውያን መራኽብ ፈደረሽን ሩስያን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ ክረኣያ ከም ዝጸንሓ ዝጠቕሰ እቲ ፕረዚደንት፡ "ግሪንላንድ ንጸጥታዊ ድሕነትና ክበሃል ናይ ግድን ኣብ ትሕቲ ኣመሪካ ክትኣቱ ኣለዋ፡" እናበለ'ዩ ክገልጽ ጸኒሑ።

ዝዓበየት ደሴት ናይ ዓለምና ዝኾነት ግሪንላንድ፡ ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ እያ ትርከብ። እዛ ልዕሊ 57 ሽሕ ነበርቲ ዘለውዋ ደሴት፡ ናይ ባዕላ መንግስቲ እትውንን'ኳ እንተኾነት፡ ናይ ምክልኻልን ናይ ወጻኢ ፖሊሲን ጉዳያት ግን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ዴንማርክ እዩ ዝመሓደር። 80 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ደሴት ግሪንላንድ ብበረድ ዝተሸፈነ ክኸውን እንከሎ፡ ዝበዝሐ ሚእታዊት ህዝባ ድማ ብምግፋፍ ዓሳ ይናበር። እቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ሰፊሕ ግዝኣት ናይታ ደሴት ብሰንኪ ዓለማዊ ዋዒ ክመክኽ ጀሚሩ ብምህላዉ፡ ዕቑር ምድራዊ ማዕድናታ ንምዕዳን ምቹእ ክኸውን ከም ዝኽእል ግምታት ኣሎ።




---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 10፡15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 11፡45 | ደርፌ |
| 12፡00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12፡02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12፡30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ካብ ዞባታት |
| 13፡30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13፡45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15፡30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 17፡00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፌ |
| 17፡30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17፡45 | ሞዛይክ |
| 19፡20 | እትመት |
| 18፡30 | ዜና ትግረ |
| 19፡00 | ቴራብ ቀጥታ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ርእይቶ ህዝቢ ብዛዕባ ፊልም ሳዉን |
| 22፡00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22፡10 | ደራማ |
| 22፡30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## ወግዒ መጽሓፍ ‘ክልተ ኣራሑ’ ምስ መሓሪ ዕቑባሚካኤል (ጠዊል)

*መሓሪ ዕቑባሚካኤል (ጠዊል) ይበሃል። ጸዕዳ ዓዲ ኣብ እትበሃል ዓዲ ንዞባ ዓረዛ ኣብ 1981 ተወሊዱ። ናይ መባእታ ትምህርቱ ኣብ ባጽዑ ማይ ድማ፡ መንደፈራን ናይ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቶኮር ሰረጀቻ ተኸታቲሉ። ወተሃደራውን ኣካዳምያውን ትምህርቱ ንምቕጻል ኣብ 2003 ምስ መበል 17 ዙርያ ሳዋ ወሪዱ። ናይ ዲግሪ ነጥቢ ስለ ዝረኸበ ከኣ፡ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ኮሌጅ ማይ-ነፍሒን ዩኒቨርስቲ ኣስመራን ብምኽትታል ብዓውዲ ምሕደራ ተመሪቑ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ ከም መማህር ተመዲቡ ሰሪሑ። ኣብ ባህልን ያታን ንዘለዎ ተውህቦ ዘለለየ ባህላዊ ጉዳያት ሚ/ሪ ትምህርቲ ድማ፡ ኣብቲ ክፍሊ ከም ዝምደብ ገበሩ።*

ብምትብባዕ ስሩዓ ጥበበኛ መኩሃን ኪዳነ (ሻባይ)ን ሰታዝ መሓመድ ሰዒድ ዑስማንን ግና ተመሃራይ ማእከላይ ደረጃ እንከሎ፡ ዝንባለኡን ባህግታቱን ከም ዘለሊ ዝተጉብረ ጠዊል፡ ኣብ መጽናዕቲ ኣፋዊ ያታታት ትግርኛ ብፍላይ ኣብ ኮሌጅ ምስ ኣተወ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዓምዲ ባህልን ሕብረተሰብን “ወግዒ ገዛውቲ” ብዝበል ኣርእስቲ፡ ቀጺሉ ባዕሉ ኣብ ዘዳልዎ ዝነበረ ዓምዲ “ሺዖኽ” ድማ፡ ብዙሓት ኣፋዊ ያታታት ዝምልከቱ ዝተፈላለየ ዓይነት ጽሑፋት ኣበርኪቱ። ኣብ ርእሲ እዚም ጽሑፋት እዚኦም ብቐጻሊ ኣዝዩም ብዙሓት ያታውን ዘመናውን ደርፍታት ንናኣሸቱን ዓበይትን ደምጻውያን ሃገርና’ውን ሰሪሑ እዩ።

ጠዊል ከም ወጽኢት መጽናዕቱን ተጉዳስነቱን ኣብ’ዚ ዓውዲ፡ ካብ 2000 ዓ/ም ኣትሒዙ ክሳዕ ሕጂ፡ ከም ኣጽናዒን ዳይረክተርን ያታዊ ጉጅለ ባህሊ መዚቃን ትልሂትን ዞባታት ማእከልን ደቡብን ብምኳን ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ብዙሕ ያታዊ ደርፍታት ትግርኛ ኣበርኪቱ እዩ። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ ኣብቲ ንሓይሊ ጥበባቱ ሓይሊ ዝኾኖ ቦታ ኣብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ይሰርሕ ኣሎ። እንሆ ድማ፡ ሎሚ ኑቲ ንልዕሊ 15 ዓመታት



ጥሕሎ

ዝገየየሉን ዝደኸመሉን ኣብ ኣፋዊ ያታታት ዘተኮረ ኣፋዊ ስነ-ግጥምታት ክልተ ክኢላታት ብመልክዕ መጽሓፍ ናብ ሕትመት ኣብቂዕዎ ይርከብ። ብዛዕባ እዚ መጽሓፍ ኣመልኪትና ምስኡ ዘየድናዮ ወግዒ ይስዕብ።

**- ወጽኢት መጽናዕቲ ዝኾነ ንኸብርታትን ያታን ሕብረተሰብና ዝገልጽ መጽሓፍ ኣበርኪትካልና ኣለኻ’ሞ እንቋዕ ኣሓጎሰካ ጠዊል።**

ክብረት ይሃበለይ። ኣጋጣሚ እዚ ቃለ-መሕተት ኣብ ቅንያት ጸባሕ መስቀል ኮይዱ ምህላውና ደስ ዝብል እዩ። ብቐንዱ’ውን እቲ ዕላልና ብዛዕባ ያታ ስለ ዝኾነ፡ ካብ’ዚ ቅንያት ጀሚርካ ክሳብ “መጺኸሊዶ ልደተይ ብዓልቲ ለይተይ” ዝብላ ኣደታትን ጉራዙትን እቲ ቅንያት፡ ቅንያት ኣውደኣመት እዩ። ኣውደኣመታት ክንጽ’ቲ ናይ ምብላዕን ምስታይን ኑቲ ናይ ምድግጋፍን ምክብባርን፡ ሰቲትን ሓድነትን ጸዕርን ሓርነትካትን ናይ ሕብረተሰብና ዝገልጽ እዩ። እቲ ቀጺልና ነዕልሎ መጽሓፍ’ውን ዝታት ዘጣመረ ስለ ዝኾነ ደስ ይብለኒ።



**- ጠዊል፡ ካብ ብቐደመይ ኣብቲ ባህሊ ጠንቀምቀም በሃላይ እየ ነይረ እትብል ዘረባኻ ዘከረሞ፡ ምስቲ ኣብ ያታ ትሃጥፎ ብምትእስሳር ከመይ ኣብልካ ኢኻ ናብ’ዚ ዓውዲ ኣቲኻ፧**

ብሓፈሻ ኣብ’ዚ ናይ ስሩዓቡ እቲ ዕድል ዝገበረ “ብኸሰቶ ተጸልየ ተደፋፊኣ ኣትየ” ዝብል ዕድል ዝገበረ ኩይኑ ይሰምዓኒ። ዝበዝሐ ሰብ ዋላ ንግኻ ተመሊሰ እንተዝሓተካስ ምስ ኣተኻዮ ጥራሕ ኢኻ ትምልሶ። እምበር ሓቂ ዘረባ ዝኾነ ይኹን ምስ ስሩዓቡብ ዝተሓሓዝ ናይ ቤተ ሰብ ኣሰር ኣይጸንሓንን ኣይጸለወንን እውን። ምስቲ ተወዳዳራይን ናይ ብልጫ ተመሃራይን ምንባረይ ግን ተራዶ ይኑበሮ ይኸውን ጠንቀምቀም ንኽብል ዝብል ግምት ኣለኒ። ማዕረ-ማዕረ እቲ ትምህርቲ ኣላፈንቶዮ ክትከይድ እንከለኻ፡ ብውሽጣዊ ድፍኢት ተደሪኽካ ከይተረዳእካ ከተንጸብርቖ ትፍትን ወይ ኣብ ዓለሙ ትኣቱ። ብኸዕምዚታት እየ ጀማሚረየ። ትም ኢልካ ኣብ ምዕጻው ናይ ቤት ትምህርቲ ምስቲ ዝጸበኻሉ ክበብ፡ ናይቶም ኣብ’ቲ ከበኻ ዝበሩ ክኢላታት ኣፋዊ ያታ ኑቲ ዓበይቲ ዓዲ እናተዘናግዑ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝዘርኡኻ ኣምኢኻ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ትደግሞ፡ ናትካ ግጥሚ’ውን ትገጥም። ብስሩዕ ብመጽናዕቲ ዘምጻኖዮ ዘይከኑ ካብኡታት ኣምጺእካ ትደግሞ። እታ ናብ’ዚ ዓውዲ ኣእትያትኒ ዝበላ ግን ኣብ 10ይ ክፍሊ ኣብ ሰረጀቻ እናተመሃርኩ እንከለኹ፡ ምስቶም ከማይ ድሕረባይታን ወረን ዝበርም ሰባት ምስ ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ዞባ ማእከል ተጠርኒፉ። ሽዑ ኑቲ እናሰማዕዮ ዝጸበኻ ኣፋዊ ያታታት ኣቕርብ ይብሉኻ፡ ጨፍር ይብሉኻ ትጭፍር፡ ትሰዕሰዕ፡ ተጣቕዕ ከበሮ ትሃርም...ወዘተ።

**- እሞ ወናም ጨፋራይ ኢኻ ነይርካ፧**

ከመይ ደኣ፡ ከም’ዚ መቃምምቲ ጸዕዳ ሸገርቲ ኣብ ዝኾነ ትድርገም፡ ከም ዝኾነ ኩሉ ኣብ ገጠር ዝዓበየ ሰብ ከኣ፡ መሸላ ምስ ተጎንዑ፡ ዓጺድ ምስ ተወጺኡ፡ ደብዳብ ህድሞ፡ ወፈራ ምስበር እምኒ ምስ ተዋዕለ፡ ብዘይካ ኩሓርሱን ኮምሕሱን ክደርፉን ክስዕስዑን ርኢኻዮም ዘይትፈልጥ ዝበርኩ፡ ምሸት ሓንሳብ ኣብ ሕቖፌ ኣኮታትካን ሓወቦታትካን ኳኹካ ትዕበዮም። ሕጂ እቲ ኣፋዊ ግጥምታት እቲ ርእሰኻ ብዙሕ ሰለዘይሩሓዘ ኑቲ ኣብቲ ወፈራታት ዝተባህለን ዝጭፈርን ሓንጎልካ ከም ዘለዎ ደሰንዶን ይሕዞ። ብኸዕምዚታት ስለ ዝጸበኹ፡ ብድሕሪ’ዚ ከም ብዓል መኩሃን ኪዳነ ሻባይ፡ ሰታዝ መሓመድ ሰዒድ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ መምህራን ኑቲ ጉጅለ ባህሊ “ሓደ ክልተ ደርፌ ደኣ ድርብዩ ዘይተብለሎም” እናበሉ ናይ ተውህቦ ልምምድን ዕድልን ፈጢሮምልና። ከምኡ እናበልና ከኣ፡ ሓንሳብ ናይ ቅንያት ሃገሰ መስቀሉ ሓንሳእ ናይ ወርሒ ጥሪ እናበልካ ያታዊ ደርፍታት ተዳለ። እዚ ኹሉ ካብ’ቲ ዝጸበኻሉ ዝመጸእ እዩ። ከይተረዳእካ ድማ ኣብ ባሕሪ እቲ ጥበብ ትኣቱ። ሕጂ እታ ዝሓሸት ናይ ባህሊ መጽናዕትን ንጥፈታትን ዘርእኹላ ኣጋጣሚ ምስ እዛ ናይ ዞባ ማእከል ዝተታሓሓዘት እያ።

**- ቀጽል ....**

ካብቲ ኣብ ዓዲ መባእታ ዝመሃረሉ ዝበርኩ ግዜ ኣትሒዙ ምስ ከማይ ዝኣመሰሉ መተዓብይቲ ደድሕሪ ወራዶ መርዓ ፈቓዶ ገብታትን ሩባታትን ሰንጢቕና ደድሕራኦም ናብ መርዓታት ንኸይድ ነይርና።

**- እንታይ ክትገብሩ፧**

ኣብ’ቲ መርዓ ኑየም ወኒ ዝበርም ሰባት ክደርፉን ክስዕስዑን እንከለዉ መታን ክንርኢ፡ ግጥሚ ናይቲ ደርፍታት ክንሰምዖን ከጽንዖን ከምኡ ከኣ ፍሉይ ምንቅስቓስ ክንርኢ። ሽዑ እቲ ወኒ ብእኡ ኣቢሉ ይኣትወካ። እዚ ብኸዕምዚታት ዝተረኽበ ጽልዋ፡ ደሓር ምስ ዓበኻ ጸኒሕ ክትረኽቦ ሓደ። ዝውሰኽልካን ዝምህረካን ሰብ ክትረክብ፡ “ንዓመታ ፌስቲቫል ክሳብ ዝጅምር ገለ ደርፍታት ኣጽኒዕካ ምጻእ” ይብሉኻሞ፡ በዚ ኣቢልና ሽዑ እናተዓለምና መጺእና። ንወግዒን ልምድን ያታን ሳዕቤትን ሕብረተሰብና፡ ምስ ኩሉ ዝጥቀመሉ መሳርሒታት መዚቃ፡ “መጽናዕቲ ግዙ” ይብሉና፡ ንሕና ድማ ምስቶም ኑቲ ፌስቲቫል ኣሎም ካብ ርሑቕ ዓድታት ዝመጹ ገምገምቲ ክኢላታት ኣፋዊ ያታ ክንሓትትን ከጽንዖን ንግይድ። ዳርጋ 24 ሰዓት ምስኦም እናዕለልካን እናደቀስካን እርይ ቀጽር ኣብልካ ከተጽንዖን ክትተግብርን ትኽእል። ምስቶም ነዊሕ ዓመታት ኣብ ጉጅለ ባህሊ ዞባ ዝሰርሑ ክኢላታት ኣፋዊ ያታታት ከም ብዓል ኣቦይ ጉብሩ ዳኘሸ፡ ኣቦይ ሓዲሽ ወዲ ዕዋል፡ ኣቦይ ሓደራ... ዝኣመሰሉ ኣብቲ ብዙሕ መሳርሒታት ዘይዓጠቐናሉ እዋን እናጸሓፍና ብዙሕ ኣፋዊ ያታታት ከትርፍ ክኢልና ማለት እዩ። ከም ብዓል ወዲ ብርጃዋ፡ ተወልደ፡ ኢልሳ፡ ሊያ፡ ቺፓ፡ ኣቶ ኣስመሮም... ዝኣመሰሉ ክሳብ ሕጂ’ውን ኣብቲ ሞያ ዘለዉ “መጽናዕቲ ግዙ” እናበሉ ጥራውዝትን ፒሮን ይህቡኻ፡ ከምኡ እናበልና፡ ኣብ’ዚ ናይ ባህሊ መጽናዕቲ ንፌስቲቫላት ነርክብ ነይርና። ከምዚ ዝበልኩኻ ኣብቲ ዳሕረዋይ ንሳዋ ምኻድ ምስ መጽኣን መምህር ኩይነ’ውን ኣብቲ ቦታ ክሰርሕ ምስ ጀመርኩ፡ መምህር ሰለሞን ጸጸ ብስራሕ ምስ መጽኣ ተራኺብና። ናብ’ዚ ሕጂ ዘለኹዎ ደረጃን ቦታን መሰረት ዝኾነኒ ባይታ ብምንጻፍ ድማ ናብ ባህላዊ ጉዳያት ከም ዝሰሓብ ገይሩ። ብኡ ኣቢልና ከኣ፡ ብዙሓዩለ መልክዑን ድሌትን ድሕሪ ግዜ ኣብ’ዚ ዓውዲ ንቕጽል ኣለና ንበሎ።

**- ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ሓደ ኣገዳሲ መጽሓፍ ኣመሪቕካ ኣለኻ’ሞ እንታይ ዝብል እዩ፧**

“ኣውሎ’ን መልቀስን ክልተ ኣራሑ” እዩ ዝብል። ኣብ ኣፋዊ ያታታት ትግርኛ ካብኡ ናብኡ ከኣ ኣብቲ ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ብዘረ ትግርኛ ዘተኮረ እዩ።

**- “ኣራሑ” እንታይ ማለት ምዃኑ እሞ ንኣንበብቲ ግለጸልና፧**

ኣርሓ ወይ ገሊድ ማለት፡ ሓደ ጓሳ ካብ ደቂ ጥሪቱ ሓደ ጽጋብ ዝተወልደ ዝራብዕ መሪጹ መፍረ ይሓርዮ። እዚ ክብሎካ እንከለኹ ብጸባቐኡን ግርማኡን ሓይሉን ብርተዓኡን ነተን ደቂ ኣሓኡ ክሰረሉን ክፋረያሉን መታን ይፈልየለን። እዚ ክብል እንከለኹ ሓደ ጓሳ ኣብ ጥሪቱ ተሰታያት ኣለውዎ፡ ዝሕረሱ ዝሸየጡ ኣለውዎ። ካብዞም ኩሎም ግን ሓደ ኣርሓ ኣሎ ይፈሊ። እቲ ኣርሓ 24 ሰዓት ምስተን ኩብቲ ዝጸንሕ ብዕራይ እዩ። ብሓጺሩ ንኽወልድ ዝፍለ እዩ።

እቶም ጓሶት ክመርጹ እንከለዉ’ውን ዘማልእዎ ረቛሒታት ኣለዉ፣ ኑታ ኣደኡ ርእየም እዮም ዝመርጽዎ። ኣደኡ ጠበው እንተኾይና ብዙሕ ጸባ ትሕለበን ፈራይትን’ውን ምስ ትኸውን ሓደ ዝራብዕ ንኣርሓ ይምርጹ።

ምናልባት ኣብ’ዚ መጽሓፈይ እዞም ክልተ ክኢላታት ኣፋዊ ያታ፡ “ክልተ ኣራሑ” ኢለዮም ዘለኹ። እቲ ወለዶታት እናተታኣኻኸኣ ክሓልፍ እንከሎ፡ ብዙሓት ኣየማትን ፍርያትን ናይ ክኢላታት ኣፋዊ ያታ እናጠፍኣ ከይዱ እዩ። ዝያዳ ናያዞም ክልተ ሰባት ግን ኣብቲ ዝነበርኩዎ ከባቢ ዓረዛ ልዕሊ ናይ ካልኦት ክኢላታት ሰምምን ትሕዝቶኦም ጸብለል ኢሉ ይጸንሓኒ። ከም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ኣብ’ዚ ዓውዲ ዘለዉ ስሙያት ክኢላታት ኣራሑ ወይ ጉባልል ኣፋዊ ያታ ናይቲ ከባቢ ስለ ዝኾኑ፡ ንዕኦም ክንሰይሞምን ከጽንዖምን ስራሓቶም ክንጥርንፎ ክኢልና።

**- መጽሓፍካ ኣውሎ’ን መልቀስን እዩ ዝብል፡ ንቅድሚ መገድና ኣብ መንጎ ኣውሎ’ን ማሕን ፍልልይ እንተደኣ ኣሎ ከተብርሃልና፧**

ኩሉ ሰብ ከም ዝፈልጦ እቲ ናይ ኣውሎ’ን ማሕን እቲ ፍልልዩ ናይ ኩብቢን ላህዳን ጥራሕ እዩ። ዘምጻኻ እንተምጻኻ ግን ዓቢ ፍልልይ የብሉን። ኣውሎ’ን ማሕን እቲ ጸቡቕ ነገሩ ኣብ ሓገስ ጥራሕ ዘይኮኑ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝበሃል ምዃኑ እዩ። ኣውሎ ወይ ማሕ ክበሃል እንከሎ፡ ከም ሓደ ጅር ናይ ስሩዓቡ ኣብ መርዓን ደርዓን ይኸውን ካብኡ ወጻኢ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብዓምማዊ ኣገባብ ንኽብሎን ከተንፍሶን ከምታላልፎን ንዝደለየ ሓሳቡ ዝገልጸሉ ጥበብ ግጥምታት እዩ። ኣብ ሰብ ዝተኣከቦ ዓበይቲ ኣጋጣሚታት ናይ’ቲ ሕብረተሰብ ዝገልጸሉ ኣገባብ እዩ። ንዝተፈላለየ




ንጥፈታትን ማሕበራዊ ኣጋጣሚታትን ገጽታትን ናይቲ ሕብረተሰብ ድማ የልዕል።

እቶም ክኢላታት፡ እቲ ህዝቢ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ማለት ክውድብዎ ደየም ደልዮም፡ ከድንቕዎ፡ ከኽትቱዎ፡ ከውፍርዎ፡ ከጸናንዕዎ፡ ከበርኽዎ፡ .... ምስ ዝደልዩ ብኣውሎ ወይ ብማሕ እዮም ዝገርዎ። ዋላ ኣብ’ቲ ናይ መልቀስ ኣጋጣሚ፡ ኑቲ ሃጥህውን መድረኽን ተጠቒሞም እቲ እኩብ ሰብ ፋሕ ከይብሉ ኑቲ ዝደለይዎ ሓበሬታ የመሓላልፉ። በቲ ዘውንንዎ ድንቂ ክእለትን ጥበብን ገይሮም፡ ብምኽንያት እቲ ናይ ቀብሪ ኣጋጣሚ ወይ መርዓ መልእኽቶም የመሓላልፉ። ዋላ ኣብቲ መጽሓፍ ናይ ኢዮና ሰለሞን እንተደኣ ርኢኻዮ’ውን ብኣበርክቶ ከንዲ ማሽ ዘይከይድ በቶም ክኢላታት ኣውሎ፡ ብኣውሎ ከፈተፍ ዝገለጽ ካብ ክልተ ሰለስተ መስመር ዘይሓልፍ ገይሮም ዓበይቲ መልእኽትታት የመሓልልፉ ነይሮም እዮም። ብሓፈሻ ኣውሎ’ን ማሕን ግን ናይ ከብብን ላህዳን ፍልልይ እንተዘይ ኮይኑ ኣብ ትርጉም ግን ሓደ እዩ።

ይቕጽል...



ጸብሒ ደርሆ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Financial Reporting Specialist**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Deliver weekly, monthly, quarterly & year-end financial results accurately, within deadlines and in accordance with Financial Manager's requirements
- Maintenance and implementation of internal financial controls in accordance with Company and Financial Manager's requirements
- Motivate and manage direct sub-ordinates within the Finance team
- Develop relationships and do problem solving resolution with divisional managers and peers
- Assist Financial Superintendent with integration of all company records & ledgers
- Fully Manage the External Audit Function.
- Maintain the company's commercial trading function, raising of mineral invoices and documentation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Responsible for maintenance of books of accounts and financial records.
- Manage finance staff.
- Control of the general ledger, GL maintenance and financial reporting.
- Ensuring all monthly processing is correctly done, thereby providing accurate financial information.
- Preparing monthly management accounts in conjunction with the Financial Superintendent.
- Reconciling balance sheet and income statement accounts.
- Detailed monthly expense variance reports and identification and resolving of cost issues before they have any major impact.
- Revenue review and reporting on revenue fluctuations.
- Assist with the yearly budget compilation.
- Assist with generating quarterly forecasts.
- Develop relationships and problem resolution with other managers.
- Assist towards FM responsibilities.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Degree in Accounting or equivalent<br>• Full CA/ACCA<br>• Good Systems and Microsoft tools knowledge (ERP knowledge a prerequisite |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years Financial Accounting & Reporting experience in a Mining Environment.<br>• Knowledge of Mining, Business & Commercial acumen |
| Technical Skills | • Minimum 5 years Financial Accounting & Reporting experience.<br>• General understanding of mining accounting & mining relevant IFRS. |
| Behavioral Skills | • Communication (English & local language)<br>• Analytical and problem shooting mindset.<br>• Results oriented<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Strong Interpersonal skills<br>• Discretion<br>• Integrity<br>• Self-discipline<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Risk management & assessment |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

---

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ዳዊት ኣሰፍሃ ጉብረስላሴ፡ ብዓልቲ ቤቱይ ኣበባ ባህረ ስባሁ፡ ስለዝዋረረት፡ ንጓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ክብርኣብ ኣስራት ጉብረማርያም፡ ወለድና ኣስራት ጉብረማርያም ተስፉን ዋጋይ ጊላሚካኤል ጉብረኪዳንን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 6 ተነቶኣቲ ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ኣልማዝ ሓጎስ ሃብተማርያም፡ ወላዲት ኣደይ ኣብርሃጼን ጉብረትንሳኤ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 7 ህላዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጋብሮም ኀጎስ ይሕደጉ ተጸዋዒ ወ/ት ሰሊኻና ምኽሮም ኀጎስ፡ ንጓኺ ዝምልከት ናይ ሰበል ክርክር ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣልማዝ ተሰፋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሕመድ ዓብደላ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሉተብርሃን ግርማይ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ብርሃና ግርማይ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እዝየዝርያ ጉብረኪዳን ግርማጼን ምባል ተረፉ፡ ሰራት ጉብረኪዳን ግርማጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project..

Position; Sectional Surveyor
Department: U/G Mining
Section: Asheli Operations Underground
Number required: One (01)

Primary purpose

- To carry out survey duties on underground under defined mine
- Controlling and monitoring all mining developments by providing direction, holing notes, grades, and advising where necessary
- Update underground development, calculation of control point, preparation and preparation and preservation of survey plans thereof
- Establishing new ground survey (Shaft plumbing and sub level survey transfer)

**Main Functions**

- Safety
- Provision of timely survey services
- Development of subordinates
- Observation of statutory and departmental requirements
- Provision of Survey data(sketches)
- Company cost (ensuring good mining)
- Sectional cost Control
- Health, Safety and Environment
- Additional duties

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Essential to be physically fit to work in though environment such as a pit

**Qualifications:**

- Degree / Diploma in Surveying

**Knowledge and Experience:**

- 1-3 years previous experience in surveying / engineering industry
- Knowledge of Surveying and equipment
- 1-2 years Supervisory experience

| |
|---|
| Qualifications: |
| Knowledge and Experience: |
| • 1-3 years previous experience in surveying / engineering industry<br>• Knowledge of Surveying and equipment, 1-2 years Supervisory experience |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Word, Excel, various software programs) | Communication (English & local language) |
| Effective English Oral and Written Communication Skills | Interpersonal skills |
| Attention to detail, Problem solving skill, & analytical Skill | Accuracy, and ability to work under pressure, |
| Plan, Organise & Execution skills & able to understand English | Ability to work toward strict deadlines |
| Ability to work long shifts both day and night shift. | Assertiveness, & results oriented |
| Supervisory Leadership skills, and risk management & assessment | Ability to multitask |
| Report writing & ability to lead safety | Ability to work in multi-disciplinary environment |
| Able to use software such as Surpac and Microsoft Office. | |
| A valid Driver's License & Knowledge of Trimble GPS. | |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብፃል ቤተይ ኣቶ ተስፋይ ኣስመሮም (ረባሕ) ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጸኩ፣ ንኩሉኹም ኤርትራውያን ነበርቲ ሚላኖ ኢጣልያ ቤ/ጽ ኤምባሲን ማሕበረኮምን ዘቃበርኩምናን ብኣካልን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ክብረት ይሃብልና ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

ብፃልቲ ቤቱ ወ/ሮ እሙናጸየግ ወልደትንሳኤ
ዳኒኤል ተስፋይ (ረባሕ)



## ምስጋና

ብዕረፍቲ እትፍቅራ ክብርቲ ኣዴናን ሓብትናን ወ/ሮ እምቢታ ሽቃ ኪዳ ሃብተጸየን፣ ሓዘና እናገለጽና፣ ምስ ሓመመት ዝኣለኹማን ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓበርኩምና ነበርቲ ቀንሰላዊ ቤ/ጽሕፈትን ሆላንድ፣ ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን፣ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከም ዝፃጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርትን ፍትውትን ብፃልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኢትዮጲያ ኣሳየኸኝ ሓጎስ፣ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ተመላሊስኩም ዝበጻሕኩማ፣ ዝኣለኽንኣን ዝኣለኹማን ኣሕዋትን ቤተሰብን ከምኡ'ውን ኣብ ዓዲቀ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ቤተሰብን የቐንየልና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብፃል ቤታ ኣቶ ጼጋይ ተስፉ ምስ ደቁን ስድራቤቱን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዝዩ ብልቢ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ክቡር ብፃል ቤተይ ኣቶ ኪዳ ሚካኤል ሃይሉ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ጀርመን ሬሳ ምፍናውን ምቕባልን፣ ዘቃበርኩምናን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ኣዕሩኽትን ፈተውትን መቕርብን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝፃጸና ንገልጽ።

ብፃልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰናይት ክፍለማርያም ሃደለ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ዑቕባይ ተኽለ ጉብረስላሴ፣ ኣቦይ ተኽለ ጉብረስላሴ ክፍለ ስለዝዐረፈ፣ ነደይ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወሉ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባጽዕ

ገበር መቅቡል መሓመድ ምግል ተሪፉ፣ ጃብር መቅቡል መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

厄特四川矿产建设有限公司
ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

# Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Senior Mineral Processing Supervisor
**Department**: Commissioning
**Number Required**: 02
**Contract Type:** Definite
**Place of Work:** ESMC Sites

**Major Duties and Responsibilities**

- Execute the full metallurgical accounting cycle for the processing plant, including daily, weekly, and monthly reconciliation of metal production, grade, recovery, and material losses across all process circuits.
- Validate and analyses metallurgical data from plant operations, laboratory assays, and inventory management systems to identify variances between planned and actual performance and conduct root-cause analysis for significant deviations.
- Conduct mass balance audits of plant operations to identify process bottlenecks, material losses, and inefficiencies, and recommend targeted process modifications to improve flow stability and recovery.
- Design, plan, and execute comprehensive bench-scale metallurgical test work programs, with a core focus on flotation test work (including rougher, scavenger, cleaner, and regrind circuit optimization).
- Lead and support the commissioning and start-up of new mineral processing plants, major process modifications.
- And other instruction given by line Manager/ immediate supervisor.

**Qualification and Other Skills**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ Technical school completed or/ & <br> ❖ Vocational training certificates are advantageous. |
| Working Experience – Nature & Length | ❖ Minimum five to ten years' experience in mineral processing. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | ❖ Leadership in Mineral Processing circuit design. |
| Other skills and abilities | ❖ AutoCAD <br> ❖ Microsoft Office |

**General Information and Other Requirement**

- Place of Work: ESMC Sites
- Salary: As per Company salary scale

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Required to send a copy of their application to the following address**
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

**Note to Non-Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ፍረወይኒ የሰፍ ተወልደ፡ ኣደይ ኣስካሉ ፍረሚካኤል ዑቕባ የውሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርሻን ተወልደ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ የሃንስ ብርሃ ክፍለም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ናህም ኣሸናፊ ኣለባቸው፡ ኣደይ ሰናይት ጉብርይ በርሀ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዲያና እስራኤል ዘመንፈስ ምባል ተረፉ፡ ዳናይት እስራኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማዕደን መድሃኔ ጺጋይ ምባል ተረፉ፡ ማዕደን መድሃኔ ጉብረድንግል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ርሻን ኪዳነ ኣማኑ ስም ት/ዕድመ ጓል ወደይ ከራል ዳንኤል ዑቕባይ፡ ምባል ተረፉ፡ ህያብ ዳንኤል ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣበባ መለስ ደረስ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃ ተሰፉ መድህኑ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቂ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ. መንግስትኣብ ሚካኤል ሃብተሚካኤል፡ ተከሳሲት ሂወት ጉብረገርግስ ጉብረስላሴ፡ ናይ ሓዳ ክሲ. ተመስሪቱልኪ. ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋ ወኪል ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰላማዊት ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረማርያም ምባል ተረፉ፡ ደናይት ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ዑስማን እድሪስኖር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ዑስማ እድሪስ ኖር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕሙድ መሓመድ ዐብር ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ መሓመድ ዑመር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሙድ ሓምድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ሓምድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣሙና ዑስማን እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ዑስማን መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳልም እድሪስ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ሳልም እድሪስኣደም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ገበር መቅቡል መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ጃብር መቅቡል መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ጠቐምቲ ባህርያት ዕዉታት ሰባት

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ደቂ-ሰብ፡ ዕዉታት ንክኾኑ ዘኸእሎም ጻዕሪ ዘይተኣደነ ምኻኑ ይጥቀስ። ኣብ ኩሉ ሰባት ዘጋጥሙ ጸላታት፡ ዕዉታትን ጸለውትን ክኾኑ ምብሃንም፡ ኣካል ተወዳዳሪ ባህሪ ደቂ-ሰብ ምኻኑ ርዱእ ይውሰድ። ዓወት ንምምዛጋብ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ክጥረዩ ዝግብኦም ኣገደስቲን ሃነጽትን ባህርያት ኣለዉ። ነዞም ሃነጽትን ንዓወት ደረኽትን ዝኾኑ ባህርያት ንምምዕባል፡ እወታዊ ኩነት-ኣእምሮ ምህናጽ መሰረታዊ ረቛሒ እዩ።

ኣብ ዙርያ ባህርያት ዕዉታት ሰባት ኣተኩሮም ዝተገብሩ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ እወታዊ ኩነት-ኣእምሮ ክሃንጹ ዝበቕዑ ሰባት፡ ዕዉታት ምኻኖም የረጋግጹ። ኣብ ኩነት-ኣእምሮ ሰባት ካብ ዝጠቓለሉ፡ ንባህርን ኣተሓሳስባን ብቐረባ ዝጸልዉ ኣምራት ሓደ ዝኾነ፡ ርእሰ ምፍላጥ ብቐዳምነት ይጥቀስ። ዶክተር ማይለስ ሞንሮ ዝተባህለ ክኢላ፡ ንርእሰ-ምፍላጥ ክገልጾ ከሎ “ኣብ ዓለም ብህይወት ኣብ ትህልወሉ እዋናት፡ ካብኻ ሓሊፉ ንሰባት ዝጠቅም እወታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ዘኽእል ዝበረኸ ውሽጣዊ ንቕሓት እዩ” ኩቢል ይጠቕሶ።

ኣብ ብርኽት ዝበለ ዓውድታት፡ ዕዉታት ብምኻን ዓቢ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት፡ ምስ ኑብሶም ናይ ጽሞና ግዜ ብምውሳድ፡ ብዛዕባ ዓቕሞምን ክእለቶምን ብዝግባእ ዝተረድኡ እዮም። ምስ ብርኽት ዝበሉ ሰባት እወታዊ ዝምድና ምህናጽ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ብቐዳምነት ክመጽእ ዝግባእ መንገዲ ዓወት ግን፡ ሓቀኛ ዓቕምኻን ክእለትካን ንምድህሳስ ምስ ኑብስኻ ግዜ ምሕላፍ እዩ።

ንዓለም ዘገረመ ዓበይቲ ቅማረታትን ምህዞታትን ብምምጻእ፡ ኣብ ታሪኽ ወትሩ ስሞም ዝጥቀስ ሊቃውንቲ ኣለዉ። ሓደ ካብዚኦም ብሪጣንያዊ ኣይዛክ ኒውቶን እዩ። ኣይዛክ ኒውቶን፡ ኣብ ዓመታት ንእስነቱ ብዝግባእ ክንክንን ፍቕርን ስድራቤት ከይረኸበ ዝዓበየ ሰብ ምንባሩ ይግለጽ። ወላዲኡ፡ ቅድሚ ንሱ ምውላዱ ክመውት ከሎ፡ ኣዲኡ ድማ ምስ ካልእ ሃብታም ሰብኣይ ምእንቲ ክትምርዖ ብንእስነቱ ገዲፋቶ ከይዳ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ መንጎ ናይ ቀረባ ኣዝማዱ እናተዘዋወረ ከም ዝዓቢ ኮይኑ።

ሓረስታይ ዝነበረ ዘዕበዮ ሓወቦኡ፡ ኣብ ማሕረስ ክሳጥፍ እኳ እንተደለየ፡ ኣብኡ ዕዉት ክኸውን ኣይከኣለን። በዚ ምኽንያት ካብ ሓወቦኡ ወትሩ ጸርፍን ማህረምትን ይቕበል ነይሩ። እዚ ኩሉ ኣብ ንእስነቱ ዘጋጠሞ ጸገማት፡ ካብ ሰባት ርሒቑ፡ ሓቀኛ ዓቕሙ ክረኽበን ኣብ ስነ-ቀጽሪ ዝነበሮ ኣድህቦ ከዕብን ስለዝሓገዞ፡ ጸኒሑ ኣብ ዓውዲ ፊዚክስ ንዘበርከቶ ዓበይቲ ቅማረታትን ስራሕን ባብ ኣንጺፉ። ማሕበራዊ ድሕረ-ባይታ ብርክት ዝበሉ ዕዉታት ሰባት፡ ዝበዝሐ እዋን ብሉጽ ኣይኮነን፡ ይኹን እምበር ነቲ ዘጋጠሞም ጸገማት ኢዶም ከይሃቡ ስለዝምከትዎ፡ ኣብ ህይወት ዕዉታት ክኾኑ ኣይእገሙን።



ስቲቭ ኮቨይ፡ ዝተባህለ ክኢላ፡ ንባህርያት ዕዉታት ሰባት ኣመልኪቱ፡ “ሸውዓተ ባህርያት ኣዝዮም ውጽኢታውያን ሰባት” ኣብ ዝተሰምየ መጽሓፉ፡ ባህርያት ሰባት ብሰለስተ ረቛሒታት ከምዝጽሎ የመልክት። ንሳቶም ድማ፡ ጀነቲካዊ ጽሕፍቶነት (GENETIC DETERMINISM)፡ ሳይኪያዊ ጽሕፍቶነት (PSYCHIC DETERMINISM)፡ ኣከባብያዊ ጽሕፍቶነት (ENVIROMENTAL DETERMINISM)፡ ምኻኖም የመልክት።

እቲ ስቲቭ ኮቨይ ጀነቲካዊ ጽሕፍቶነት ኩቢል ዝጠቐሶ፡ ሰባት ካብ ወለዶም ብተወርሶ ዝረኽብዎ ነገራት፡ ከም ባህርያት፡ ሕብሪ ገጽ፡ ጸጉሪ፡ ቁመት ወዘተ ኮይኑ፡ ካብ ቁጽጽሮም ወጻኢ ዝኾነ ነገራት እዩ። ስዒቡ ጠቒስዎ ዝርከብ ሳይኪያዊ ጽሕፍቶነት ድማ፡ ምስ ኩነት-ኣእምሮ ሰባት ዝተሓሓዘ ረቂቕ ነገራት ኮይኑ፡ ሰባት ኣብ ግዜ ንእስነቶም፡ ኣብ ኩነት-ኣእምሮኦም ዝውቀር ሓሳባት፡ ስምዒታት፡ ርእሰ-ክብሪ፡ ርእሰ-ምትእምማን፡ ርእሰ-ኣምር ዝኣመሰሉ ረቀቕቲ ረቛሒታት ምኻኖም የገንዝብ።

ስቲቭ ኮቨይ ነዚ ክገልጾ ከሎ፡ “ከም ሲግሞንድ ፍሩድን፡ ቪክቶር ፍራንክልን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሊቃውንቲ ስነ-ኣእምሮ፡ ሰባት ኣብ ዓመታት ንእስነቶም ዝሃንጽዎ ኣተሓሳስባ፡ ንዝተረፈ ክፋል ህይወቶም ይጸሉ ኩቢሉ ይዛረቡ” ድሕሪ ምባል፡ “እዚ እናኾነ ግን፡ ብርክት ዝበሉ ኣሉታዊ ኣተዓባብያን ምምሕባርን ዝነበሮም ሰባት፡ ነዚ ተመኩሮታት ብምስጋር ዕዉታት ክኾኑ በቒዖም እዮም” ኩቢል ይውስኽ።

ብሳልሳይ ደረጃ ሰሪዕዎ ዝርከብ፡ ንባህርያት ሰባት ኣብ ምጽላው ተራ ዘለዎ ድማ፡ ኣከባብያዊ ጽሕፍቶነት እዩ። እዚ ሰባት ኣብቲ ዝዓበዩሉ ኣከባቢ ዝርከቡ ሕብረተሰባትን፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታትን ንሰባት ዘሕድረሎም ጽልዋ ዘመልክት እዩ። ሰባት፡ ልክዕ ከምቲ ካብ ስድራቤቶም ብርክት ዝበለ ጽልዋታት ዘለዎም፡ ካብቲ ዝዓበዩሉ ሕብረተሰብ ዝወሰድዎ፡ንመጻኢ ህይወቶም ዕዉታት ወይ ውዱቓት ንክኾኑ ዝወስኑ ብዙሓት ነገራት ከም ዝርከቡ ይሕብር።



ስቲቭ ኮቨይ፡ ህላወ ብሉጻት ውልቃዊ ክብርታትን መትከላትን፡ ኣብ ዓወት ሰባት ደረኽቲ ረቛሒታት ምኻኖም ይጠቕስ። ኣብ ምዕራባዊ ሕብረተሰብ፡ ንኸም ቅንዕና፡ ጻዕሪ፡ ምትሕግጋዝ፡ ጸዓተኛነት ዝኣመሰሉ ክብርታት ዝወሃብ ዝነበረ ጠመተ ጎዲሉ፡ ኣብ ዙርያ ውልቃዊ ገሲጋስ፡ ዕብየት፡ ህቡብነት፡ ጸላውነት፡ ብኣቋራጭ ምዕባይን ካልእን ዝበሉ ክብርታት ዝተዋህበ ጠመተ፡ ንሰባት ኣብ'ቲ ክፋል ዓለም ዕዉታት ክኾኑ ከምዘይሓገዞም ይጠቅስ።

ቪክቶር ፍራንክል፡ ኣብ ዓውዲ ስነ-ኣእምሮ፡ ኣብ ዕስራ ክፍለ ዘመን ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩ ክኢላታት ብቐዳምነት ይጥቀስ። ቪክቶር ፍራንክል ኣይሁዳዊ ብምንባሩ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ናዚ ከቢድ ግፍዕታት ዝወረዶ ሰብ ነይሩ። ነዚ ኩሉ ዘጋጥሞ ዝነበረ ግፍዕታት ብምብዳህ፡ ውሽጣዊ ሰላሙን ዓቕሙን ብምጕልባት፡ ኣብ ዓውዲ ስነ-ኣእምሮ ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩ ሰባት ምኻኑ ይጥቀስ።

ንሱ ዘተኣታተዎ “ሌንቴራፒ” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣገባብ ፍወሳ፡ ሰባት ብሰንኪ ትርጉም ህይወት ዘይምርካቦም ንዘጋጥሞም ስምዒት ባዶነት ኣብ ምፍዋስ ዓቢ ተራ ነይሩዎ። ዕዉታት ሰባት፡ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይ ህይወቶም፡ ከቢድ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ስንብራት ዘውርድ ክስተት ከጋጥሞም ይኽእል እዩ። ነዚ ብምብዳህ፡ ውሽጣዊ ዓቕሞም ኣብ ዘበራብሩሉ እዋን ግን ጸለውቲ ክኾኑ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣጠቓቕማ ግዜ ሰባት ዕዉታት ንክኾኑ ካብ ዝድርኽ ሓደ ረቛሒ እዩ። ግዜ ወዲ ሰብ ክቆጻጸር ዘይክእል መስርሕ ምኻኑ ይጥቀስ። ዕዉታት ሰባት፡ ከም ኩሉ ሰብ ንዝተዋህቦም ግዜ፡ ዝያዳ ብዝግባእ ብምጥቃምን ኑብሶም ብምግምጋምን እዮም፡ ዕዉታት ክኾኑ ዝበቕዑ።

ኣብ 2026፡ ናይ ፈለማ ትሪልየነር ብምኻን ዝሃብተመ ሰብ ተባሂሉ ክጽዋዕ ዝበቕዐ ኢሎን ማስክ፡ ንኣጠቓቕማ ግዜ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ “ሓደ ካብ'ቲ ከም ሰብ ዕዉት ዝገበረኒ ረቛሒታት፡ ንስርሐይን ንጥፈታተይን ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5 ደቒቕ ክግምግም ብምኽኣለይ እዩ” ኩቢል ይጠቅስ። ዕዉታት ሰባት፡ ካብ ዘለዎም ብሉጽ ባህሪ ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜ ዘለዎም ምልከታን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትሓልፍ ካልኢት ዘፍረይዎ ነገራትን ዝግምግሙ ብምኻኖም እዩ።

ኣብ እተድምዓሉን እተፍርየሉን ጽላት ኣተኩርካ ምስራሕ፡ ሓደ ካብ ባህርያት ዕዉታት ሰባት ምኻኑ ይንገር። ኣብ ስራሕካ ዕዉትን ኣድማዕን ንምኻን፡ ንጥፈታት ምብዛሕ ዘይኮነ ኣፍራይነት ምጕልባት ኣገዳሲ ነገር እዩ። ቪልፍረዶ ፓሬቶ ዝተባህለ ኢጣልያዊ ክኢላ፡ ኣብ 1895 ዘተኣታተዎ “ሕጊ ፓሬቶ” ዝበሃል ኣምር ነይሩ። ብመሰረት እዚ ክልሰ ሓሳብ፡ 80 ሚእታዊት ናይ ዓወታትካ፡ ካብ 20 ሚእታዊት ናይ ስርሓትካ ዝብገስ እዩ። ስለዚ ዕዉት ንምኻን ኣብ ዝተዋፈርካዮ ጽላት፡ ንጥፈታትካ ዘይኮነ ኣፍራይነትካ ምዕባይ፡ ኣገዳሲ ንቕሓትን ልቦናን እዩ።

ሓድሽ ፍልጠትን ሓበሬታን ምእካብ፡ ንኣእምሮኻ ኣብ ቀጻሊ ዕብየትን ምርምርን ክጽመድ ስለዝገብር፡ ኣገዳሲ ልምዲ እዩ። ብዝተፈላለየ መዳያት ዝእከብ ሓበሬታን ፍልጠትን፡ ንኣድማዕ ፍልጠትካ ብምጕልባት፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትብጽሕን ክትልወጥን መሰረታዊ ረቛሒ እዩ። ዊልያም ግላድስቶን (1809-1898)፡ ኣብ ኣርባዕተ እብረታት መራሒ ብሪጣንያ ኮይኑ ዝገልገለ መራሒ እዩ። ሓደ ካብ ዝዓበየ ዕዉት ባህሪ ዊልያም ግላድስቶን፡ ንሓድሽ ሓበሬታን ፍልጠትን ዝነበሮ ሸውሃት ምኻኑ ይጥቀስ። ዊልያም ግላድስቶን፡ ኣብ ምሉእ ዘመን ህይወቱ ብኣሸሓት ዝቑጸር መጻሕፍቲ ዘንበበ ኮይኑ፡ ኣስታት 32 ሽሕ መጻሕፍቲ ዝሓዘ ውልቃዊ ቤት ንባብ ከምዝነበሮ ይንገር።

ካብ ካልኦት ዝዓበዩ ባህርያት ዕዉታት ሰባት፡ ዘይምሕላልን ተስፋ ዘይምቑራጽን ይርከቦ። ብርክት ዝበሉ ዕዉታት ሰባት ከይተሓለሉ ሳላ ዝጸዓሩ ዕዉታት ክኾኑ በቒዖም። ንብሪጣንያ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዕውትቲ ኮይና ክትወጽእ ዝመርሓ ዊንስቶን ቸርችል፡ ኣብ ሓደ መድረኽ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ መደረ ከስምዕ ኣብ ዝተዓደመሉ እዋን፡ ክልተ ቃላት ጥራይ ብምጥቃም፡ ኑቶም ነዊሕ መደረ ክህብ ዝተጸበዩዎ ተመሃሮ፡ ‘‘ተስፋ ከይትቖርጹ’’ ብዝብላ ቃላት ተፋንዩዎም። ጃክ ማ ዝተባህለ ኣብዚ እዋን ቢልየነር ክኸውን ዝበቕዐ ቻይናዊ ዜጋ፡ ኣብ ዓመታት ንእስነቱ ብርክት ዝበለ ሞያታት ከም ዋርድያ፡ ፖሊስ ዝኣመሰሉ ፈቲኑ ምስ ፈሸለ፡ ከይተሓለለ ሰሪሑ ዓሊ ባባ ዝበሃል ትካል ብምምስራት፡ ቢልየነር ኮይኑ ይርከብ።

ካልእ ኣብነት ናይ ተስፋ ዘይምቑራጽ ተባሂሉ ክጥቀስ ዝከኣል፡ ኣመሪካዊ ዋልት ዲስንይ እዩ። ዋልት ዲስንይ ናይ ህጻናት ካርቶን ፊልምታት ዘፍሪ ዓቢ ኢንዱስትሪ ክኸፍት ዝበቕዐ ሰብ እዩ። ነዚ ትካል ፊልም ኢንዱስትሪ፡ መስርሒ ዝኸውን መሬት ክገዝእ፡ ካብ ባንክ ገንዘብ ክልቃሕ ሓቲቱ ንኣማኢት ግዜ ሕቶኡ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ኣብ መወዳእታ ሕልሙ ሰሚሩሉ ዓቢ ትካል ክሃንጽ በቒዑ። ብዘይካ'ዚ ውርይቲ ኣቕራቢት መደብ፡ ጸላም ኣመሪካዊት ኦፕራህ ዊንፍረይ፡ ኣብዚ ዘላቶ ደረጃ ቅድሚ ምብጽሓ፡ መልክዓ ክፉእ ብምኻኑ፡ ኣብቲ ዓውዲ ዕውትቲ ክትከውን ከምዘይትኽእል ዝነገሩዋ ሰባት

ብዙሓት ነይሮም። ነዚ ኩሉ በዲሃ ኣብ መወዳእታኡ ዕውትቲ ብምኻን ግን፡ ኣብዚ ዘላቶ ደረጃ ክትበጽሕ በቒዓ።

ኣብ ህይወት ዕዉት ምኻን ኩሉ ዝብህጎ ነገር እዩ። ሰባት ናብ ዓወት ዘመርሕ መንገድታት ኣብ ምንዳይ ወትሩ ከይተሓለሉ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ዓቢ ኣስትርያዊ ሊቕ ስነ-ኣእምሮ፡ ሲግሞንድ ፍሩድ፡ ‘‘ሰባት ኣብ ውሽጦም ካብ ዝርከብ ድሌታት፡ ዓቢ፡ ተደላዪ፡ ዕዉት፡ ናይ ምኻን ይርከቦ’’ ኩቢል ይጠቅስ። በዚ መሰረት፡ ሰባት ኣብ ዝተዋፈርዎ ጽላታት ዕዉታት ክኾኑ ምድላዮም ጽቡቕ ነገርን ኣካል ተፈጥሮ ደቂ ሰብን እዩ። ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ዓወት ንምብጻሕ ግን፡ እቲ ዓወት ዝጠልቦ ባህሪ፡ ኩነት-ኣእምሮ፡ ጻዕሪ፡ መስዋእቲ፡ ምውናንን ምኽፋልን መሰረታዊ መንገዲ ዓወት ምኻኑ ምፍላጥ የገድስ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ስልስል ሓሳባት

### ኣእምሮና ኣብ ትሕቲ ቊጽጽርና ድዩ፧



ብ1980ታት፡ ‘ጾብጻባት ዓማዊል’ ዝብሃል ትካል፡ ኣብ ኣርባዓን ሓሙሽን ዓይነታት ሜልሜላታ ቅምሶ ብምውሳድ፡ ናይ ጣዕሚ መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። ድሕሪ ገለ ዓመታት ከኣ ኣብ ዓውዲ ስነ ልቦና ፕሮፈሰር ዝኾነ ቲሚቲ ዊልሶንን ጀናታን ስኮለርን፡ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ኣብ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ዋሽንግተን ኣካይዶም። ውጽኢት ናይቲ ክልተ መጽናዕቲ ኣዝዩ ዝተቐራረበ ኮይኑ’ዩ ጸኒሑ። ኣብ ክልተኡ ጉጅለ ዝተሳተፉ ሰባት፡ ተመሳሳሊ ዓይነት ሜልሜላታ መሪጾም። እቲ መጽናዕቲ’ቲ ግን ኣብኡ ኣየብቀዐን። ኣብቲ ድሒሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ካልእ ጉጅለ ነይሮም እዮም። ዕማም ናይዞም ጉጅለ፡ ዝጠዓመ ሜልሜላታ ምሕራይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ጣዕሚ ተመርኪሶም፡ ደረጃታት ክህቡ’ውን ተሓተቱ። ውጽኢት ናይቲ መጽናዕቲ ከኣ ካብቲ ካልእ ዝተረኽበ ውጽእቲ ኣዝዩ ዝተፈልየ ኮነ። ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ክልተ መጽናዕቲ ዝጠዓመ ሜልሜላታ፡ ደረጃታት ምስ ኣውጽኡ ግን ድሕሪት ኮይኑ’ዩ ጸኒሑ። እቲ ምኽንያት ጣዕሚ ናይቲ ሜልሜላታ ስለዝተቐየረ ዘይኮነ፡ ክቱር ምስልሳል ሓሳባት ናይ ዝተወጃበረ ፍርዲ ስለ ዘምረሖም’ዩ።

ኣእምሮና ኣዝዩ ዝተራቐቐ፡ ዘደንቕ ኣገባብ ኣሰራርሓን ስራሕን ዘሎዎ ክፍሊ ኣካላትና እዩ። ሰብ፡ ካብ ካልእ ፍጡራት ንላዕሊ ሓሳብ ናይ ምፍጣርን ምስልሳልን ብቕዓት ዝተዓደለ ፍጡር እዩ። ኣእምሮ ሰብ ኣደነቕቲ ህንጻ፡ ቋንቋ፡ ስነ ጽሑፍ፡ ተክኖሎጂያዊ መሳርሒ፡ መድሃኒት፡ ወዘተ ብምምሃዝ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ህይወት ሰብ ኣመሓይሹ እዩ። ኣእምሮና ብግቡእ እንተ ተጠቒምናሉ ክንገብሮ ዘይንኽእል ነገር የለን ክበሃል ይከኣል። ንጡፍ ስራሓት ኣእምሮና ሓሳባት ብምስልሳል እዩ ዝዕመም። ምስልሳል ሓሳባት፡ ኣብ ትምህርቲን ምርምርን ጾብለል ኢልና ክንወጽእ፡ ናብ ዝለዓለ ትካላት ትምህርቲ ክንጽንበርን ዝሓሸ መጻኢ ክህልወናን ይሕግዘ። ስልስል ሓሳባት፡ ምንጪ ሓድሽን ፈጠራዊን ሓሳባትን ፍታሕን ይኹን ድኣ እምበር፡ ምስ ዝበዝሕ ኣሉታዊ ክፋሉ ክዛይድ ይኽእል። ክቱር ዓቐን ስልስል ሓሳብ፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ቦኺርና ኣብ ምሕሳብ ብዙሕ ሰዓታት ምሕላፍ፡ ኣብ ሓደ ዓንኬል ናይ ሓሳባት ሸንኮለል ክትብል ምውዓን ካልእን ይመስል። ኣብ ዝበዝሐ ኣጋጣሚ ኣእምሮን ኣብ ክቱር ስልስል ሓሳብ ተጸሚዱ ከም ዘሎ ኣይርድኣናን እዩ። እቲ ምኽንያት ቀልብና ምስ ንጥፈታት ኣእምሮና ተሳንዩ ስለ ዝዕዘር። ንኣብነት፥ ኣብ ነፋሪት ውሽጢ ኴንካ ፍጥነት ወይ ምንቅስቓስ እታ ነፋሪት ክትፈልጠሉ ዘሎ ተኽእሎ ውሑድ እዩ። ብደገ ኴንካ ግን ምስ እትዕዘብ ግን ብንጹር ክረኣየካ ይኽእል። ንጥፈታት ኣእምሮና ከኣ ብተመሳሳሊ፡ ፍንትት ኢልና ክንዕዘብ ምስ ዘይንኽእል ከነለልዮ፡ ክንቈጻጸሮን ከነማዝኖን ኣጸጋሚ እዩ።

ሰባት፡ ጕድኒ ጕድኒ’ቲ ሓሳብ ክንፈጥርን ከነሰላስልን ንኽእል ምኳንና፡ ካልእ ‘ኣምሪ’ ወይ ተፈጥሮኣዊ ግንዛበ’ውን ተዓዲሉና’ዩ። ኣምሪ፡ ኣእምሮና ብዙሕ ከየሰላሰለ ንነገራት ብቕልጡፍ ክርዳእን ክቕበልን ዝሕግዝ ትዕድሊ እዩ። ገለ ሰባት ቀልጢፎም ክርድኡና ምስ እንርኢ ብድብድቡ “ብላሕቲ” ኢልና ኢና እንገጽም፣ እቲ ምስጢር እምበኣር ልዑል ዓቐን ኣምሪ ስለ ዘሎዎ እዩ። ኣምሪ፡ ኪንዮ ፍልጠትን ተመኲሮን፡ ዝያዳ ምስ ውሽጥና ዝህልወና ምስምማዕን ምውህሃድን ይገልጽ። ኣብ ገለ እዋን ካብ ብርክት ዝበለ ምርጫታት፡ ሓንቲ ምርጫ፡ መፍትሒ ኮይና ትረኣየና ወይ ከኣ ጌጋ ምርጫ ምኳና ነብስና ይነግረና። ብልክዕ ክንገልጾ ስለ ዘይንኽእል ግን “እዚ ዝሓሸ ምርጫ ኮይኑ ይሰምዓኒ” ወይ “እዚ’ስ ቅኑዕ ምርጫ ኮይኑ ኣይስምዓንን፡” ብምባል ናብ ስምዒትና ነጸግዕ። ዝበዝሐ እዋን ከኣ ውድዓዊ ምኽንያት ስለ እንስእነሉ ካብ ፍርሕን ምጥርጣርን ዝተበገሰ፡ ነቲ ነብስና ዝነግረና ሓበሬታ ወይ ኣምሪ ንጎስዮ። ኣምሪ፡ ኣእምሮና ንኹሉ ነገር ኣሰላሲሉ ክውድኦ ስለ ዘይክእል፡ ንኣእምሮና ከብርዮ ኢሉ ዝተዓድለና ተፈጥሮኣዊ ብቕዓት እዩ።

መሰርሕ ተፈጥሮኣዊ ግንዛበ ዝፍጽም ክፋል ኣእምሮና፡ እቲ ትሕተ ንቑሕ እንብሎ ክፋል እዩ። ትሕተ ንቑሕ ኣእምሮ፡ ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዋህሎ ፍልጠትን ክእለትን ብምውህሃድ ሓበሬታ ናይ ምምስራሕ ሓላፍነት ኣሎዎ። ክቱር ስልስል ሓሳባት እምበኣር፡ ነዚ ትሕተ ንቑሕ ኣእምሮና ዝህበና ኣገልግሎት ጎሲና ብንቑሕ ኣእምሮና ጥራይ ክንሓስብ ምስ እንመርጽ እዩ ዝኸሰት። ከምቲ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሰባት ክዓምዎ ዝግባእ ዕማም ብሓደ ሰብ ጥራይ ምስ ዝዕመም ኣድካሚ ዝኸውን፡ ብኽልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክፋል ኣእምሮና ክዕመም ዝግባእ ስራሕ ብሓደ ክፋል ምስ ዝዕመም ኣህላኺ ይገብሮ። ስለዚ እዩ ከኣ ኮፍ ኢልካ ሓሳብ ከተሰላስል ምውዓል ካብ ናይ ጉልበል ስራሕ ንላዕሊ ዘድክም።

ምሕሳብ ሓደ ኣገዳሲ ዕማም ኣእምሮና ዋላ ድኣ ይኹን ምስ ዝበዝሕን ካብ ቊጽጽርና ምስ ዝወጽእን ጉድናዊ ሳዕቤናት ኣብ ጥዕና ኣእምሮን ማሕበራዊ ናብራን ከስዕብ ይኽእል። ድቃስ ምስኣን፡ ክቱር ድኻም፡ ሕማም ርእሲ፡ ምርሳዕ፡ ምስጋል፡ ዕንደት ወይ ክትውሰን ዘይምኽኣል፡ ጸቕጢ ኣእምሮ፡ ወዘተ፡ ገለ ካብቲ ክጥቀስ ዝኽእል ሳዕቤናት እዩ። ብተወሳኺ ትሑት ርእሰ ምትእምማን፡ ምጥርጣር፡ ዘይርጉእ ስምዒታትን ካልእ ኣሉታዊ ባህርያትን ከነማዕብል ስለዝጸሉ ምስ ነብስናን ካልኦት ሰባትን ዘሎና ዝምድና ኣብ ሓደጋ ከእቱ ይኽእል። ክቱር ምስልሳል ሓሳባት ብንኡስ ዓቐን ጀሚሩ ዝምዕብል ሕማም እዩ። ክንፍወስ ኣብ እንደልየሉ ከኣ ብንኡስ ዓቐን እናኣጓደልና ኢና ክነጥፍኦ እንኽእል። ኣእምሮና፡ ኣብቲ ልኢኽናዮ ዘሎና ጉዳይ ወፊሩ ከም ዘሎ ብቐጻሊ ብምፍታሽ፡ ብሓሳብ ኣብ ዝዕዘረሉ ግዜ ከኣ ብምምላስ፡ ዳየሪ ብምጽሓፍ፡ ካብ ዓቕምና ወጻኢ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ከኣ ሓገዝ ብምሕታትን ካልእን ከኣ ክንፍወስ ይከኣል።

## ጻውዒት ተለፎን

ኣንታ ፈጣሪ በጃኻ እንዶ ሕጂ ከም ዝድውለለይ ግበር፣ ክልምነካ፡ ሓንሳእ ጥራይ ከም ዝድውለለይ ግበር። ካልእ ዝኾነ ነገር ኣይሓተካን እየ፣ ብልቢ፡ ጥራይ እዚኣ። ንዓኻ እንታይ ዘይከኣለካ፣ ሓንሳእ ጥራይ ከም ዝድውለለይ ግበር። በጃኻ ፈጣሪ ኣቦይ! በጃኻ!

ብዛዕባኡ ምሕሳብ እንተ ሓዲገዮ፡ ይድውል ይኸውን። ሓደ ሓደ ግዜ ከምኡ ይገብር እዩ። ብዛዕባ ካልእ ክሓስብ እንተኺለ፡ ኣእምሮይ ክሕዝ ዝኽእል ሕልኽልኽ ዝበለ ነገር፡ ሓሙሽተ ሚእቲ በብሓሙሽተ ክፈቅድ እየ። ኣብ መንጎ ይድውል ይኸውን። ቀስ ኢለ ክፈቅድ እየ። ክሳብ ሰለስተ ሚእቲ ዝበጽሕ ኣብ መንጎ እንተ ተደዊሉ ኣየልዕላን እየ። ክሳብ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝበጽሕ ደወል ኣይምልስን እየ። ሓሙሽተ፡ ዓሰርተ፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ፡ ዕስራ፡ ዕስራን ሓሙሽተን፡ ሳላሳ፡ ሳላሳን ሓሙሽተን፡ ኣርብዓ፡ ኣርብዓን ሓሙሽተን፡ ሓምሳ... ኡፍ በጃካ ደውል፣ በጃኻ።

ካብ ሕጂ ንደሓር ናብ ሰዓተይ ኣይጥምትን እየ። ናይ መወዳእታ ግዜይ እያ። ሸውዓተን ዓሰርተን ኮይኑ፣ ሰዓት ሓሙሽተ ክድውል እየ ምስ በለ ከኣ’ዩ፣ “ሰዓት ሓሙሽተ ክድውል እየ ፍትውተይ፡” ሸዑ’ዩ “ፍትውተይ” ዝበለኒ መሰለኒ። ብርግጽ ከምኡ ኢሉ እዩ። ክልተ ግዜ “ፍትውተይ” ኢሉኒ፣ እታ ካልኣይቲ ክፋነወኒ ከሎ’ያ፡ “ ቻው ፍትውተይ፡” ኢሉኒ። ብብዝሒ ስራሕ ውጡር እዩ። ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ኮይኑ ብዙሕ ብተለፎን ክዛረብ ኣይክእልን እዩ፣ ይኹን እምበር ክልተ ሳዕ “ፍትውተይ ኢሉኒ። ብምድዋለይ ኮርዩ ዶ ይኸውን፧ ኣወዳት ከኣ ዓሰርተ ግዜ ክድውለሎም ኣይፈትዉን እዮም። ምስ ደወልካሎም ከም ዝናፈቕካዮምን ብኣታቶም ትሓስብ ከም ዘለኻን ይፈልጡ፣ ሸዑ ይጸልኡኻ። ኣነ ግን ከምኡ ኣይገበርኩን። ሰለስተ መዓልቲ ዝኣክል ኣይደወልኩሉን፣ ድሕሪኡ ከኣ ከም ኩሉ ሰብ ዝገብሮ፡ ደሃዩ ክገብር ደዊለ “ከመይ ቀኒኻ፧” ኢለዮ። ባዕሉ ከኣ “ክድውለልኪ እየ፡” ኢሉኒ። ኣነ ኣይሓተትክዎን፡ ብልቢ ከምኡታት ኣይበልኩን። ከምኡ ክብለኒ’ውን ኣይሓሰብኩን፣ ከምኡ ኢሉ እንክነሱ ግን ኣይደወለን። ኣንታ ፈጣሪ እንታይ በዲለካ እየ፡ ከም ዝድውለለይ ዘይትገብር። ንምንታይ ኢኻ ጽሎተይ ኣነኣኢስካ ትርዮ ዘሎኻ። ንስኻ ኣብ ዝፋን መንበርካ፡ ጻዕዳ ካባኻ ተኸዲንካ ብመልኣኽቲ ተኸቢብካ፡ ብከዋኽብቲ ማዕሪግካ ኮፍ ኢልካ፣ ኣነ ከኣ ብዛዕባ ደወል ተለፎን ጸሎተይ ሒዘ መጺኣካ፣ በጃኻ መስሓቕ ኣይትግበረኒ። ርኢኻ ኣለኻ ኣነ ዘለኹዎ ኣይርድኣካን ይኸውን፣ ንዓኻ ዝትንክፍ ማንም ፍጡር የለን። ልብኻ ብኢዱ ጨፍሊቑ ዝሕዝ መን ኣሎ፧ ኣነ ዘለኹዎ ግን ስቅያት እዩ፣ ኣዝዩ ሕሱም ስቅያት። ስለዚ በቲ ተፍቅሮ ውላድካ ክልምነካ፡ ሕጂ ከም ዝድውለለይ ግበር።

ከምዚ ዓይነት ሓሳብ ደው ከብሎ ጥራይ’ዩ ዘሎኒ። ከምዚ ክኸውን’ኮ ይግብኣንን እዩ። ሓደ ሰብ “ክድውል እየ፡” ይብለካ፣ ክድውል ይኽእል፡ ዘይክድውል ከኣ ይኽእል፣ ዘጋጥም ነገር’ዩ። ሰዓተይ ኣብ መደቀስየይ ከቐምጣ እየ። ሰዓት ክርኢ እንተ ደልየ ናብ መደቀሲ ክኸይድ ኣሎኒ፡ እዚ ከኣ ካልእ ስራሕ ስለዝኾነ ኣይገብሮ እየ። ምናልባት ቅድሚኡ እንተ ደዊሉ ግን ብምቕሉል ኣገባብ ክዛረቦ እየ። “ሎሚ ምሸት ኣይንራኸብን ኢና፡ ” እንተ ኢሉኒ’ውን “ጸገም የለን፡ ኣይትሰክከፍ፡” ክብሎ’የ። ልክዕ ከምቲ ክንላለ እንከለና ዝርኣኽዎ ፍሕሽውነት፡ ከምኡ ክኸውን እየ። ሸዑ ደጊሙ ክፈትወኒ እዩ። ኣነ’ኮ ኣብ ፈለማ ተፈታዊት ሰብ እየ። ንሰብ ከይፈተኻዮ ከለኻ ተፈታዊ ሰብ ክትከውን ቀሊል እዩ። ንሱ’ውን ንእሽተይሲ ፈትዩኒ ኣሎ፣ ከምኡ እንተ ዘይከውን ክልተ ግዜ “ተፈታዊት” ኣይምበለንን። ዘይፈትወኒ እንተ ዝነብር ቀደም ጠፊኡ ምሃለወ። ኣንታ ፈጣሪ፡ ሓንሳእ እንዶ ከም ዝድውለለይ ግበር። ትቐጽዓኒ ዲኻ ዘለኻ፧ ከምኡ ስለዝገበርኩ ዲኻ ተቐጢዕካ፧ ኣባይ በጺሕካ ጨኪንካ እምበኣር።

ሕጂ እንተ ዘይደዊሉለይ ፈጣሪ ከም ዝተቘጠዓለይ ክፈልጥ እየ። በብሓሙሽተ፡ ክሳብ ሚእቲ ክቖጽር እየ። ኣብ መንጎ እንተ ዘይደዊሉ፡ በቃ ፈጣሪ ይፍትነኒ ኣሎ ማለት እዩ። ሓሙሽተ፡ ዓሰርተ፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ፡ ዕስራ፡ ዕስራን ሓሙሽተን፡ ሳላሳ፡ ሳላሳን ሓሙሽተን፡ ኣርብዓ፡ ኣርብዓን ሓሙሽተን፡ ሓምሳ፡ ሓምሳን ሓሙሽተን ... እውይ ኣንታ ፈጣሪ ኣቦይ፡ ክሳብ ክንድኡ ኣቑጢዐካ ማለት ድዩ፧ በል ናብ ገሃንም ስደደኒ፡ እዚ ዘለኹዎ ካብ ገሃንም ዝሃይሽ እንተ መሲሉካ። ኦ ሕጂ ከቋርጽ ኣለኒ። ከምዚ ክኸውን ኣይግባእን እዩ። ቁሩብ ደንጕዩ እንተ ደወለ እንታይ ጸገም ኣለዎ፣ ዘይክውድል’ውን ይኽእል እዩ። ከይደወለ ናብ ገዛ ክመጽእ ደልዩ ይኸውን። ክበኪ ከም ዝጸናሕኩ ምስ ፈለጠ ሕማቕ ክስምዖ እዩ። ኣወዳት ትበኪ ጓል ኣይፈትዉን እዮም። ንሶም ኣይበኽዩን ስለዝኾኑ። ኣበይ እሞ፡ ብፍቕረይ ተቓጺሉ ብንብዓት እንተ ዘዕለቕልቕ፡ በየናይ ዕድለይ ክረኽቦ። በቃ ናይ መወዳእታ ክሳብ ሓሙሽተ ሚእቲ፡ በብሓሙሽተ ክፈቅድ እየ። ሓሙሽተ፡ ዓሰርተ፡ ዓሰርተ ሓሙሽተ፡ ዕስራ፡ ዕስራን ሓሙሽተን፡ ሳላሳ፡ ሳላሳን ሓሙሽተን፡ ኣርብዓ፡ ኣርብዓን ሓሙሽተን፡ ሓምሳ...

*ምንጪ፡- ግሬት ሾርት ስሪስ*
*ሓጺር ዛንታ፡- ብዶርቲ ፓርከር*



# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ውሳነታት ሲቲ ኣብ ቀራና መንገዲ



ምስ ፋይናንሳዊ ጉዳያት ተጠርጠራ ዝጸንሐት ማንቸስተር ሲቲ፡ ንኸሉ'ቲ ዝቐረበላ ክሲታት ከም ዝወዓሎቶ ድሕሪ ምርግጋጹ ኣመልኪቱ ዝወሃብ ዘሎ ውሳኔታት ኣቓልቦ ብዙሓት ኣፍቀርቲ ስፖርት ስሒቡ ይርከብ።

ሲቲ ዋላ'ኳ ገበኛ ኮይና ትረኸብ፡ ኑቲ ጉዳይ ይግባይ ከምትብሎ ኣብ ዝነገረሉ ዘሎ እዋን፡ ፍርዳዊ መቕጻዕቲ ንምብያን ማስርሒ ተበገሱ ምህላው ይፍለጥ። እዚ ይኹን እምበር፡ እቲ መቕጻዕቲ እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ክኢላታት ስፖርት ርእይቶኦም ኣብ ምሃብ ደርከቡ ኣለው። ገለ ካብቲ ብተደጋጋሚ ዝወሃብ ዘሎ ፍርዳዊ ርእይቶታት ድማ ዝ ይመስል።

# ወሰንቲ ሲቲ ንታ ጋንታ ብኣስጉዳድ ክሸጡዋ ክሕተቱ'ዮም ኑተን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሰንኪ ዓብላሊነት ሲቲ ካልኣይ ደረጃ ሓዘን ዝዘዘመኦ ጋንታታት ክወሃብ ዝበሃል ዘሎ ካሕሳ ድማ፡ ጋንታታት ክቕበልኦ ከም ዘይብለን ይገልጹ ገለ ክኢላታት ስፖርት።

# ብዘይካ'ዚ ሲቲ ናብ ታሕተዋይ ደረጃታት ፕሪመር ሊግ ክትምለስ፡ ካብዚ ሓሊፉ ነጥቢ ናይ ምቕራጽን ገዝቦዊ መቕጻዕቲ ክትህብ ምፍታን ዘምጽእ ስውጢ ከምዝየለን ይምጉቱ። ኣሰዒቡም ድማ፡ ሓለፍቲ ፕሪመር ሊግ ብኸምዚ ኣገባብ ክሓልፉዎ ምስ ዝፍትኑ፡ ንሲቲ'ን ከምኣ ንዝኣመሰሉ ብልሹዋት ጋንታታትን ንተመሳሰሊ ተግባር ዝዕድም ምኽኑ ኣረዲኦም።

# ዘስደምም ዝርዝር በደላት ሲቲ እናሰፍሐ ክኸይድ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ልዕሊ'ዛ ጋንታ ክስዕብ ዝኽእል መቕጻዕቲ ክሳብ ክንደይ ክተርር ከም ዘኽእል ጥርጣረታት ማእለያ የብሉን። ሰፍሓት በደላ ብመንጽር'ቲ ዝረኸበቶ ዓወታት ጥራይ ዘይኮነ ብመንጽር'ቲ ኣብ ልዕሊ ሕጋጋት ፕሪመር ሊግን ካልኦት ጋንታታትን ዘውረደቶ ሃሰያ ክትመን ድማ ይግባእ።

# ይግባይ ሲቲ እንተ ዘይተዓዊቱ፡ ካብ ፕሪመር ሊግ ተባሪራ ኣብ ካልኣይ ሊግ ክትጻወት ክትግደድ ኣለዋ። ይኹን እምበር ብፀሀራያዊ መንገዲ ንላንቲ ጋንታ ንዝዘዓወተትሎም ጸዋኣት ምምንጣል ቅቡል ኣይከውንንዩ። ኣብዚ ጉዳይ ግን ኣማራጺ ኣይረኣዩናን። እቲ ዘሕዝን ግና፡ እቶም ኣብዚ ጉዳይ ዝኾነ በደል ዘይብሎም ደገፍቲ ስፀሚቶም ምትንካፎን ብዘዘዋወሪ ዋጋ ምኽፋሎምን እዩ።

# ኣብዚ ኣርእስቲ ቅልጣፈ ኣገዳሲ እዩ። ንዊሕ እዋን ኣዘዮም ብዙሓት ወሃብቲ ርእይቶ ንኽፍሲ ወከፍ ምዕባለ ናይዚ ዛንታ ክከታተልዎ ጸኒሐም እዮም። ካብዚ ንላዕሊ ግዜ ምውሳድ ብቑዕ ኣይኮነን። ንወጽኢት ፍርዲ ግዜ ክወሃብ ምስ ዝሕተት፡ መን ይፈልጥ ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ዓመታት ክበጽሕ ይኽእል እዩ። በዚ መንጽር ድማ ኣብ ፕሪመር ሊግ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ክትገልጾ ዘኸብድ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክኸትል እዩ።

# ብርግጽ ማንቸስተር ሲቲ ይግባይ ክትብል መሰል ኣለዋ። ሓደ ሰብ በቲ ዝተኸሶ ገበኛ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ግና፡ እቲ ፍርዲ ቅድሚ ይግባይ ክኸውን ይግባእ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ግና ብኣንጻሩ እንተ ተፈጢሩ፡ ናብ ዘለዓለ ህውከት ጥራይ እዩ ዘምርሕ።

# ማንቸስተር ሲቲ ብይግባይ ክትዕወት እንተኾይና ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰ ጭብጥ መርትዖ ክተቕርብ እምበር፡ ምስ ዘይሻራዊነት ወይ ካልእ ኣካል ዝግበር ቴክኒካዊ ዝርርብ ብምፍታን ኣይኮነን። በደላ እንተ ተቐቢላቶ ድማ፡ ንዓመታት ካብ ማዕቶት ምስጥጋር ተጻወቲ ክትእገድ፡ እንተ ውሒደ ንሓደ ዓመት ስፖርት ካብ ፕሪመር ሊግ ክትእለን ዝበሉን ካልኣኦትን የጠቓልሉ። ንሸኻኩምኻ ውሳኔ ኮምሽን ፕሪመር ሊግ ኣብ ልዕሊ ሲቲ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብሉ፧

## ስፖርታዊ ቅን ኣሃዱታት 'እዚ ምዕራብ' ይካየድ ኣሎ

ስፖርታዊ ቅን ኣሃዱታት እዚ ምዕራብ ብጦጦማት ኩዕሶ እግሪን መርበብን ብክልተኡ ጾታ፡ ኣብ ከተማ ባረንቱ ይካየድ ኣሎ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋንታታት ቢሻን ዛራን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ቢሻ ካብ ሰልሻና ዳኘው ኣብ መበል 26 ደቒቕ፡ ካብ ፍትሓዊት ሙልጌታ ኣብ መበል 35 ደቒቕ፡ ካብ ትርሓስ ዓንደብርሃን ኣብ መበል 50 ደቒቕ፡ ብዝረኸበተን ሸቶታት 3-ብ0 ተዓዊታ። ሂላል ድማ፡ ካብ ፍርቱና መንግስ ብዝረኸበታ እንኮ ሸቶ ንደርማስ 1-ብ0 ስዒራታ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጋንታታት ገርሰትን ሰቲትን 1-ብ1 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ዱታን ፈንቅልን ድማ፡ 0-ብ0 ወጺአን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣውላ ንኪታይ 2-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ'ውን፡ ኣውላ ንጎዲ ሸሩም 3-ብ1 ኣፉንያታ። ላልምባ ድማ፡ ንባርካ 3-ብ0 ከምዝሰዓረታ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።



## ከምዚ'ውን ኣሎ

ኣብ መስከረም 2026 ኣብ ኮንካካፍ ኔሽንስ ሊግ ኣብ መንጎ ኣንቲጉኣን ባርቡዳን ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ብሰንኪ ጸጉሪ ርእሱ ንኽልተ ተጻወትቲ ኣንጻር ጋንታ ግዳይ ቀይሕ ካርድ ዝገበረ ኣንቲጉኣያዊ ተጻዋታይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዛዕባ ኮይኑ ቀጺሉ።

ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኣንቲጉኣ ኤዳን ስኪፒዮ ዝተባህለ ተጻዋታይ፡ ሃገሩ ምስ ባርባዶስ ኣብ ትጻወተሉ ዝነበረት እዋን ንኽልተ ተጻወትቲ ባርባዶስ ብቐይሕ ካርድ ንኽብረሩ ምኽንያት ስለ ዝኾነ ህብብኑ ሰማይ በጺሑ ዘሎ።

እዚ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ተጻወትቲ ዝነውሐ ጸጉሪ ርእሲ ዘውንን ኣንቲጉኣዊ ኑቲ መሬት እናተንከፈ ዝኸይድ ጸጉሩ ክልተ ተጻወትቲ ኣንጻር ጋንታኡ ክስሕብዎ ድሕሪ ምፍታኖም፡ ማእከላይ ዳኛ ድማ ኑቲ ስጉምቲ ዘይድስፕሊናዊ ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ'ዩ ክልቲኦም ግዳይ ቀይሕ ካርድ ኮይኖም።



ኤዳን ስኪፒዮ ብሰንኪ እዚ ክሳብ ብርኩ ዝበጽሕ ዘደንቕ ጸጉሪ ርእሱ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዓለም ዓቢ መዛረቢ ኣርእስቲ ብምዃኑ ብዙሓት ሰዓብቲ ክህልዉዎ ኣኽኢልዎ ይርከብ። ኣብ መወዳእታ እቲ ጸወታ ብዓወት ኣንቲጉኣ 5-ብ0 እዩ ተዛዚሙ።

## ሮናልዶ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ተኣልዩ

ፖርቱጋላዊ ብሉጽ ኣጥቃዓይ ዓለምና ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ካብ'ቲ ኣብ ኔሽንስ ሊግ ትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ሃገሩ ዓስኪራትሉ ዝጸንሐት ሜዳ ዴንማርክ፡ ረቡዕ ምሸት ምውጽኡ ተሓቢሩ።

እዚ ወዲ 41 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ዝሰጉምቲ ዝወስድ ዘሎ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ግጥም ኣንጻር ኖርወይ ዘይምስላፉን ኣብ ቅድመ ምድላዋት ኣንጻር ዴንማርክ ካብ ልምምድ ምብኳሩን እዩ።

ሮናልዶ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ዝወጽኣሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ናብ ህዝቢ ከቃልዖ ምዃኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ድሕሪ'ቲ ረቡዕ ምሸት ጀሰሱ፡ ንውሳኔ ሮናልዶ ይኹን ፌደረሽን ክቕይሮ ከምዘይክእል ዝተዛረበሉ ጋዜጣዊ መግለጺ ናብ ጉዛኡ ይምለስ ከም ዘሎ ኣብ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ ዝገለጸ ሮናልዶ፡ ድሕሪ'ቲ ጋዜጣዊ መግለጺ ምስ ፕረዚደንት ፌደረሽን ኩዕሶ ሃገሩን ጀሰስን ብዝገበርዎ ርክብ፡ ካብ ናይ ልምምድ ቦታ ናይታ ጋንታ ክወጽእ ከም ዝወሰነ ኣፍሊጡ።

"ኣብ ግዜኡ፡ ንኹሉ ህዝቢ ፖርቱጋል ብዝዕበ'ቲ ካብታ ወትሩ ወፉይ ዝኾንኩላ ሃገራዊት ጋንታ ክወጽእ ዝደረኸኒ ምኽንያት ክዕገርም እየ" ዝበለ ሮናልዶ፡ ንሃገሩን ደቂ ጋንታኡን ብሉጽ ዕድል ተመንዩ ተፋንዩዎም።




ደቂ ጋንታኡ ኣብ ስታድዩም ፓርከን ኮፐንሃገን ኣብ ልምምድ ከለዉ ጉዲፍዎም ዝወጸ ሮናልዶ፡ ካብ ከተማ ዴንማርክ ናብ ማድሪድ ብምቕናዕ፡ ናብታ ትጸበዮ ዝነበረት ነፋሪት ከም ዝተሰቐለ ይንገር።

ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ብወገና፡ ሓሊቓኣ ሮናልዶ ካብ መሳርዓ ከም ዝወጸ ሓቢራ። እዛ ጋንታ፡ ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ፡ ምስ ዴንማርክ ተጻዊታ።

ብዙሓት ወገናት፡ ሮናልዶ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ሓደ ተጻወትቲ ከም ዝተሰለፈ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ መዳይ እታ ሃገራዊት ጋንታ ቅኑዕ ከም ዘይገበረት ይሰማምዕሉ። ኮይኑ ግና ብዝተፈላለዩ ምስምሳት ክስለፍ ምጽንሑ ይጠቕሱ።

ሓሙሽተ ግዜ ንሽልማት ባሎን ዲ ኦር ዝተዓወተሉ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ልቢ ዓበይትን ህጻናትን ኣፍቀርቲ ስፖርት፡ ከምኡ'ውን ተጻወትቲ ዝሰፈረ ኮይኑ፡ ከም ኣርኣያ ሚልዮናት ሰባት ከምዝጥመት ይግለጽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሮናልዶ፡ ብሰንኪ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ጉዳይ፡ ክንጾ ግዚያዊ፡ ጠቕላሉ ካብዛ ሃገራዊት ጋንታ ክእለ ከምዝኽእል'ውን ግምት ኣሎ።

## ሎሚ መደብ ጸወታ

## ኔሽንስ ሊግ ሳልሳይ ናይ ምድብ ጸወታ

ፖላንድ - ሮማንያ 9:45 ድ.ቀ

በልጅዩም - ቱርኪ 9:45 ድ.ቀ

ሃንጋሪ - ጆርጅያ 9:45 ድ.ቀ

ቦዝንያ ሀርዞጎቪንያ - ሽወደን 9:45 ድ.ቀ

ፈረንሳ - ጥልያን 9:45 ድ.ቀ

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ

# እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል፡ ንጀርመናዊ ኣጥቃዓይ ብረንትፎርድ ኬቨን ሻድ ተጣይቓሉ ምህላዋ ተምቶክ ሓቢሩ። ሊቨርፑል ነዚ ወዲ 24 ዓመት ኣጥቃዓይ ንምውናን፡ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ቅልስ ንምእታው እጅግኣ ሰበሰባ ምህላዋ ይንገር።

# ባርሴሎና ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ንወዲ 29 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣርጀንቲናን ኢንተር ሚላንን ላውታሮ ማርቲነዝ ንምፍራም ልዑል ፈተነ ከምዝገበረትን፡ እንተ ኾነ እቲ ማስርሕ ክሰልጥ ከምዘይከኣለ ኣብ ስጳኛ ኣብ ምስጥጋር ተጻወትቲ ኣተኩሩ ዝሰርሕ መርበብ ሓበሬታ ፈቻጁስ ኣቃሊሑ።

# ስጳኛውያን ክለባት ሬያል ማድሪድን ባርሴሎናን ንወዲ 26 ዓመት ብሉጽ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ሲቲ ኤርሊንግ ሃላንድ ንምፍራም ላዕሊን ታሕቲን ክብላ ድሕሪ ምጽናሐ፡ ምስ ክሲታት ናይ'ዛ ጋንታ ብምትእስሳር ዝ ኖርወጃዊ ናይ ምፍራም ድሌተን ዶምዒይ ጥርዚ በጺሑ ምህላው ዘ ሳን ሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ንወዲ 26 ዓመት ኣከፋፋሊ እንግሊዝ ፊል ፎደን ካብ ማንቸስተር ሲቲ ንምስጥጋር ዕድል እንተ ረኺባ ዓይና ከምዘይተናሕሲ ይንገር ኣሎ።

# ዜና ዓለም

የርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያ፡ ንኔቶ ተጠንቀቕ



ፈደረሽን ሩስያ፡ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ነታ ኣካል ግዝኣታ ዝኾነት ክፍለ ሃገር ‘ካሊኒንግራድ’ ክፈልያ ምስ ዝፍትን፡ ኣብ መኽዘን ኣጽዋራታ ኣሎ ዝበሃል ኣጽዋር ክትጥቀመሉ ምዃና ምጥንቃቓ ተሓቢሩ።

ኔቶ፡ ኣብ ልዕሊ ክፍለ ሃገር ‘ካሊኒንግራድ’ ናይ ኣየርን ባሕርን ዕጽዋ ክካይድ መደብ ከም ዘለዎ እያ ሞስኮ ትወቅስ ዘላ።

ዋና ጸሓፊ ኔቶ ማርክ ሩተ ግና፡ እቲ ሩስያ ረኺብዎ ዘላ ሓድሽ ስለያዊ ሓበሬታ ሓቅነት ከም ዘይብሉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣንጻር ኔቶ ክገጥም ፈጺሙ ከም ዘየዋጽኦ ኣጠንቂቑ።

ካሊኒንግራድ፡ ምስ ኣባላት ኔቶ ዝኾና ፖላንድን ሊትዌንያን እትዳወብ፡ ኣብ ባሕሪ ባልቲክ እትርከብ ኣካል ሩስያ ዝኾነት ክፍለ ሃገር እያ።

እታ ክፍለ ሃገር፡ ሓንቲ ካብ’ተን ዝዓበያ መደበር ሰራዊት ሩስያ ምዃና ድማ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

## ኣመሪካ፡ ሓድሽ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ከተቕውም ወሲና

ኣመሪካ፡ ብሰብ ዘሰርሖ ብልሒን ዘመናውያን ድሮናትን ዝተደገፈ ሓድሽ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ከም እተቕውም ኣፍሊጣ።

ዕላማ ናይ’ዚ ኣሃዱ እዚ፡ ወተሃደራውን ጸጥታውን ረብሓታት ሃገሩ ንምውሓስ ምዃኑ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ውግእ ኣመሪካ ፒት ሄገሰት ሓቢሩ።

እቲ ሓዱሽ ውሳኔ፡ ስነ ፍልጠተኛታት፡ ኣብ ሰብ ዘሰርሖ ብልሒ ምሉእ ብምሉእ ምምርኳስ፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከም ዝዛይድ ኣብ ዝማጎቱሉ ዘለዉ እዋን እዩ ዝውሰድ ዘሎ።

እዚ ኣብ ጥቅምቲ 2027 ተግባራዊ ከም ዝኸውን ዝንገረሉ ዘሎ ሓድሽ ወተሃደራዊ ኣሃዱ፡ ዘመናውነት ጽላት ምክልኻል ኣመሪካ ንቕድሚት





ኣብ ምድፋእ ተራኡ ልዑል ከም ዝኸውን እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ይኹን’ምበር፡ እቲ ውጥን፡ ኣብ መንጎ ሓያሎ ሃገራት ሓድሽ ወተሃደራዊ ውድድር ከሰዕብ ከም ዝኽእል፡ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ብኣግኡ የጠንቀቑ ኣለዉ።

ቅድሚ ሒደት ዓመታት ወተሃደራዊ ኣሃዱ ጠፈር ዘቖመት ኣመሪካ፡ ኣብ ጠፈር ኣጽዋር ከም ዘዋደደት ቅድሚ ሒደት መዓልታት ምሕባራ ኣይርሳዕን።

## ዒራቕ፡ ኣመሪካ ካብ መሬታ ጠቕሊላ ከም ዝወጸት ኣፍሊጣ

ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ ዓሊ ኣል-ዛይዲ፡ ኣብ መሬት ሃገሩ ዕስኪሮም ዝጸንሑ ብኣመሪካ ዝምርሑ ሓይሊታት ሕብረት፡ ምሉእ ብምሉእ ወጺኦም ከም ዘለዉ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ 1 ጥቅምቲ፡ ዒራቕ ልኡላውነታ ምሉእ ብምሉእ ዘረጋገጸትላ ዕለት ምዃና ገሊጹ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ካብ ሕጂ



ንደሓር፡ መንግስቲ ዒራቕ ጸጥታን ድሕነትን ሃገሩ ንምሕላውን ዶብቱ ንምቁጽጻርን፡ ከምኡ ከኣ ኣብ መሬቱ ንዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት ዕጥቆም ንምፍታሕ ክሰርሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብኣመሪካ ዝምርሑ ሓይሊታት ሕብረት፡ ኖቲ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ሰፊሕ መሬት ገቢቱ ዝነበረ ዕጡቕ ጉጅለ ኣልቃዒዳ ንምድምሳስ ኢሎም ኣብ 2014 ምቛሞም ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰራዊት መንግስቲ ዒራቕ፡ ቡቶም ሓይልታት ሕብረት ተደጊፉ ኖቲ ኣብ ትሕቲ እቲ ሸበራዊ ጉጅለ ዝነበረ መሬት ሃገሩ ኣብ 2017 ከም ዘምለሶ ይዝከር።

ይኹን’ምበር፡ እቶም ሓይልታት ሕብረት፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከቡ ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታት ንምጥፋእ ብዝብል ምኽንያት፡ ኣብ ዒራቕ ክሳብ ሕጂ ምጽንሖም ምንጭታት ይሕብሩ።

## ፓኪስታን፡ ኣብ ኣፍጋኒስታን መጥቃዕቲ ተካይድ

ፓኪስታን፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን ብዘካየደቶ ደብዳብ፡ ቀልዑን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከቡዎም ትሽዓተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 11 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ መንግስቲ ጣሊባን ናይ ኣፍጋኒስታን ሓቢሩ።

ፓኪስታን ግና፡ እቲ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ንመሕብኢ መጥቃዕቲ፡ ብዝሒ ዘለዎም ተተኮሱትን ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ምዕናዎም ኣፍሊጠ።

ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ንሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ተዛማዲ ሰላም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ልዕሊ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን ኣብ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ክልተአን ሃገራት ዳግማይ



ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ምዃኑ ብምግላጽ፡ 22 ዕጡቓት ከም ዝቐተለት ገሊጻ ኣላ።

ክልተአን ጎረቤብቲ ሃገራት፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ተዛማዲ ሰላም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ዳግማይ ናብ ግጭት ምምላሰን ይዝከር።

ሚኒስተር ዜና ፓኪስታን፡ ቡቲ ኣብ ክልተ ቦታታት ኣፍጋኒስታን ዝተኻየደ ንዕጡቓት ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ናብ ግጭት ምምላሰን ይፍለጥ።

ኢስላማባድ፡ ካቡል ኣብ መሬታ ግብረ ሸበራዊ ተግባራት ንዘፍጽሙ ዕጡቓት ተሰልጥንን ተዕቍብን ከም ዘላ እኳ ብተደጋጋሚ እንተ ከሰሰት፡ መንግስቲ ጣሊባን ናይ ኣፍጋኒስታን ግን፡ ኣብ ፓኪስታን ዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ንውሽጣዊ ቅልውላው ናይታ ሃገር ዘመልክት ምዃኑ እዩ ዝገልጽ።

## ሶርያ - ኣብ ኣውቶቡስ መጥቃዕቲ ብረት ይፍጸም

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሶርያ ኣብ እትርከብ ከተማ ሆምስ፡ መንነቶም ዘይተፈልጡ ዕጡቓት ኣብ ሓንቲ ኣውቶቡስ ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት፡ ሸውዓተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ብዘይካ እዚ፡ እቲ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት ቅድሚ ምፍጻሙ ቅድሚ ሒደት ሰዓታት፡ ኣብ ከባቢ ከተማ ደማስቆ ዝርከብ መስመር ሻምብቆ ጋዘ ብምፍንጃሩ፡ ሰለስተ መደበራት ጸዓት ካብ ኣገልግሎት ደው ክብላ ከም ዝተገደዳ፡ እቶም ሰብ ስልጣን ወሲኾም ገሊጾም።

ኖቲ ዘጋጠመ ፍንጀራ መስመር ሻምብቆ ጋዝ፡ ዛጊት ሓላፍነት ዝወሰደሉ ዝኾነ ኣካል ኣይተረኽበን ዘሎ።

ፖሊስ ከተማ ሆምስ፡ ግዳያት ናይቲ



መጥቃዕቲ፡ ካብ ናይ ስራሕ ቦታኦም ናብ ቤቶም እናተመልሱ እንከለዉ እቲ ሓደጋ ከም ዘጋጠሞም ድሕሪ ምግላጽ፡ መንነት ፈጸምቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ንምልላይ መርመራታት የካይድ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ርግኣትን ጸጥታን ናይታ ከተማ ንምዝራግ ዝዓለመ ክይኮነ ከም ዘይተርፍ ገሊጹ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኪዳነ-ምሕረት | 2/10/2026 | ጎደና ሰሓርቲ-835 ቁ.115 ቅብባ. ቤ/ትምህርቲ ሰንበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services